# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.150 | ሓሙስ 22 ለካቲት 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዲጂታላዊ ወልፍታትን ሳዕቤናቱን



ገጽ 3 ልምዓት ተምሪ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ . . .



ገጽ 4 ውሑዳት ታቤላታት፡ ብዙሕ ትሕዝቶ ኣብ ሰጋ . . .



ገጽ 5 "ፍረ ስኒት!"



ገጽ 7 ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ማልያታቶም ዓቂቦም



# ሃገራዊ ዋዕላ 'ልምዓት ጸባን ውጽኢቱን' ኣብ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ተኸፊቱ





ሚኒስትሪ ሕርሻ ዘወደቦ ሃገራዊ ዋዕላ ልምዓት ጸባን ውጽኢቱን፡ "መድረኽ ንምርግጋጽ እኽሊ፡ ርትዓውን ውሑስን ጸባን ውጽኢቱን" ብዝብል ቴማ፡ ትማሊ ኣብ ኣስመራ - ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ተኸፊቱ።

ኣብ'ዚ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰብ መዚ መንግስትን ግንባርን ወከልቲ ትካላት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ፥ ማሕበረሰብ ዲፕሎማሲ፡ ወከልቲ ኣህጉራውያን ውድባት ሕርሻ፡ ትካላት ምርምርን ላዕለዋይ ትምህርትን፡ ዲናት ኮሌጃትን ዕዱማትን ዝተረኽብሉ ናይ መኽፈቲ ስነስርዓት፡ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ እቲ ዋዕላ - ካብ ዝተፈላለያ ሃገራትን ጸላታትን ዝመጹ መሻርኽቲ፡ ፍልጠት፡ ተመኩሮን ብሉጽ ኣብነትን ንኽለዋወጡ ዝሕግዝ መኣዲ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ንፍርያት፡ ምምስራሕ፡ ዝርጋሐን ሃልክን ዘጠቓልል ወሰኽክበሪ ጸባ፡ ዓንዲ-ሕቖ ምዕባለ ናይ'ዚ ዓውዲ ምዃኑ ኣገንዚቡ።

ዓቕሚ ሓረስቶት - ብፍልጠት፡ ስልጠናን ዕድላት ምወላን ብምብራኽ፡ ድልዱልን ርቡሕን ጽላት ምህናጽ ከምዝከኣል እምንቶኡ ዝገለጸ ሚኒስተር ኣረፋይነ፡ ኣብ ሃገርና ዛጊት ውሕስነት ጸባን ውጽኢቱን ክረጋገጽ ከምዝይከኣለ ኣረዲኡ። እቲ ዋዕላ ኩለንትናዊ ወሃደትን ምትሕብባርን መሻርኽቲ ብምእንጋድ፡ ዝበጽሐ ሃልክን ኪንዮኡን ዘውዕል ቀረብ ንምርግጋጽ ሓጊዚ ምዃኑ ድማ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ክሳብ 22 ለካቲት ዝቕጽል ዋዕላ፡ "ታሪኻዊ ምዕባለ ጽላት ጸባ ኣብ ኤርትራ፥ ህሉው ኩነታቱን መጻኢ ኣመታቱን"፣ "ኣብ ኤርትራ ኣብ ንኡስ መጠን ልምዓት ጸባን ውጽኢቱን ዘተዋፈሩ ሓረስቶት፡ ናብ ዘላቕን ኣኽሱበን መጻኢ ክሰጋገሩ ዘኽእል ባይታ ምጥጣሕ"፣ "ተመኩሮ ኢንዱስትሪ ጸባን ውጽኢቱን፡ "ተራ ሕርሻዊ ምርምራትን ምህሮን ኣብ ምምዕባል ጽላት ጸባን ውጽኢቱን"፣ "ብደሆታትን ዕድላትን ልምዓት ጸባን ውጽኢቱን ኣብ ኤርትራ"፣ "ተመኩሮ ምቁጽጻር ብቐዓትን ድሕነትን ጸባን ውጽኢቱን"፣ ዝብልን ካልእ ተመሳሳሊ ኣርእስትታት ዝሓዘ 20 መጽናዕታዊ ወረቓቕትን፡ ብቪድዮ ዝተዳለወ መግለጺታትን ተመኩሮታት ሃገራትን ይቐርብ ኣሎ።

ኣብ'ዚ ብዓይነቱ ናይ ፈለማ ዝኾነ ዋዕላ፡ ካብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኤርትራን ትካላትን፡ ካብ ዴንማርክ፡ ኣየርላንድ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ህንድን ኬንያን ዝተወከሉ ሞያውያንን ናይ ስራሕ መሻርኽትን፡ ከምኡ'ውን ምስ'ቲ ዛዕባ ምትእስሳር ዘለዎም ኣካላት ይሳተፉ ኣለዉ።

# ሓለፍቲ 'ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ሓሊበት' ምኽሮም የመሓላልፉ

መብጣሕቲ ዘድልየም ወሸጣውን ደጋውን ሕማማት ኣብ ዝኸስቱሉ እዋን፡ ተቐላጢፎም ናብ ትካል ጥዕና ምምጻእ - ኣብ መጠን ሕወየት ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ፡ ኣብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ሓሊበት ሓላፊ ክፍሊ መብጣሕቲ ዶ/ር የሴፍ የውሃንስ ገሊጹ።

ዶ/ር የሴፍ፡ ኣብ 2023 ኣብ ውሸጢ 200 መዓልታት - 1400 ከቢድን 700 ቀሊልን መብጣሕቲ ከምእተኻየደ፡ 60 ሚእታዊት ካብ'ዚ ድማ ናይ ከረጺት ሓሞት፡ ዓጽረ ሸንቲ፡ ሕማማት ኩሊትን ፍትሕኛን ከምዝነበረ ሓቢሩ።

እቲ ክፍሊ ብቐጻሊ ክዋደደሉ ምስ ዝጸንሐ ዘመናዊ መሳርሒታትን ምምዳብ ክኢላዊ ዓቕሚ-ሰብን፡ ቀጻሪ ተገልገልቲ ኣብ 2023 ካብ'ቲ ናይ 2022 ብ25 ሚእታዊት ከምዝዓበየ እውን ኣብሪሁ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ እቲ ክፍሊ 60 ሰብ ሞያ ከምዘለውዎ ዝሓበረ ርእሱ-ኸርስ ኣፈወርቂ ወልደሰላሴ ከኣ፡ እዚ - ኣብ ኣድማዕነት ስራሑ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ክፍሊ ዝወሃብ ኣገልግሎት፡ መብጣሕቲ ኣምሮዳዩ፡ ፊስቱላ፡ ኤርኒያ፡ ስርዓተ-ኩሊትን ፍትሕኛን፡ ከምኡ'ውን ሕማም ሸኮርያ ዘስዕቦ መቑረጽቲ ከምዘጠቓልል ሰሉዳቱ የረድኡ።



# ኣብ 'ማእከል ፊዝዮትራፒ-ኣስመራ' መጠን ሕውየት እናበረኸ ይመጽእ

ኣብ 'ማእከል ፊዝዮትራፒ-ኣስመራ'፡ መጠን ሕውየት ሕሙማት ኣብ 2023 ብ10 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ፡ ሓላፊ'ቲ ማእከል - ክኢላ ኣኩፓንክቸርን ፊዝዮቴራፒን ኣቶ ብርሃ ሓየሉ ገሊጹ።

መዓልታዊ፡ ካብ 250 ክሳብ 300 ዝኾኑ ሕሙማት ካብ መላእ ሃገር ከምዝመጽኡ ዝሓበረ ኣቶ ብርሃ፡ ኣብ 2023 ካብ ዝተሓከሙ 4,631 ሰባት - እቶም 93 ሚእታዊት ምምሕያሽ ከርእዩ እንከለዉ፡ 2 ሚእታዊት ለውጢ ዘይምጽኡ፡ 5 ሚእታዊት ድማ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ሕክምና ዘቋረጹ ምዃኖም ኣረዲኡ።

ካብ ተገልገልቲ ብሓፈሻኡ - እቶም 46 ሚእታዊት ናይ ዓንዲ-ሕቖ ጸገም ዘጋጠሞም፣ መልመስቲ ፍርቂ ጉድኒ፡ ምጭብባጥ ጅማውትን ምጥዋይ ገጽን ድማ - እቶም ካልኦት ጊዜናም ዝርአዩ ጸገማት ምዃናም ጠቒሱ ድማ፡ ብፍላይ ናይ ገጽ ምጥዋይ ዘጋጠሞም ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ምስ ዝመጽኡ፡ 90 ሚእታዊት ናይ ምሕዋይ ተኽእሎ ከምዘለዎም ኣረዲኡ።

ኣቶ ብርሃ በዚ ኣጋጣሚ፡ ዜጋታት - ነቲ ጸገም ዝሓልልኽ ባህላዊ ፍወሳ ካብ ምጥቃም ክቑጠቡ ኣተሓሳሰበ።

# ፍኖት

ዳህላክ ነጋሲ

## ዲጂታላዊ ወልፍታትን ሳዕቤናቱን

ዲጂታላዊ ወልፊ - ንወልፍታት ገይም፡ ኢንተርነት፡ ማሕበራዊ መራኸቢታት፡ ቴምፕርን ካልእን ዘጠቓልል ሓደኛ ልምዲ እዩ። ኣብዚ እዋን ኣብ ሃገርና ከሊ. ዕድመ ዝርከቡ ሰባት፡ ተጠቀምቲ ናይ ዝተፈላለየ ዲጂታላዊ መተግበርያ ኩይናም ኣለዉ። ውሑዳት ዘይኮኑ ተጠቀምቲ ኣብ ፈይስቡክ ጀሚሮም ናብ ኢንስታግራም፡ ካብኡ ናይ ትዊተር፡ ቀጺሎም ናብ ቲክቶክ . . እናበሉ፡ ካብቲ ሓደ መተግበርያ ናብቲ ካልእ ክሰግሩ ሰዓታት የጥፍኡ፡ ከም ሳዕቤኑ፡ ንበይኖም ተገሊሎም ግዳይ ጥዕናውን ማሕበራውን ጸገማት ኩይኖም ደርበ።

ደቂሰብ ብዘተፈላለዩ ንጥፈታት ምዝንጋዕ ሕጉሰ ናብራ ክምርሑ ይብህጉ እዮም። ቀደም ዝበረ ናይ መዛናግዒ ኣገባብ እንተኾይኑ፡ ምሽዚ ሎሚ እናኣስፋሕፍሐ ዝኸይድ ዘሎ ልምድታት ክዕቀር እንተሎ፡ ብዙሕ ፍልልያ ኣለዎ። ንኣብነት፡ ካብ ከተማ ርሒቐ ኣብ ከተማ ዝነበሩ ህዝቢ ምስ እንምልከት፡ ሰድራቤታት ብሓደ ተኣኪቦም ኣብ ዝነብርዎ ናይ ወግዒ ቡን ዕላላት - ብዛዕባ ሓሳብ ንሓሳብ እናተለዋወጡን እናሰሓቁን ይዛናግዑ ነይሮም። ሎሚ ግን እዚ ብኣንጻሩ'ዩ ኩይኑ ዘሎ። ሰድራቤታት ኣብ ትሕቲ ሓደ ጽላል እናነበሩን ኣካሎም ብሓደ እናሃለወ፡ ነፍሲ ወከፎም ናብ ተለቪዥን ክሳብ እንተሎ፡ ገለ ድማ ምስ ሞባይል፡ ታብለትን ካልእን ክዕልሉ ምሕዛብ ንብር እናኸደ ይመጽእ ኣሎ። ነቲ ኤሌክትሮኒካዊ መሳርሒታት ኣይንጠቐምሉ ማለት ዘይኮነ፡ ንጥዕናናን ማሕበራዊ ርክብናን ብዘይጸልዉን ብዘይብልልን መንገዲ ክኸውን ከምዝግባእ ግን ዘካትዕ ኣይኮነን።

ቀደም እዋን ዝበረ ልምዳዊ መዛናግዒታት፡ ሎሚ ብዙሕ ካብኡ ብዘመናዊ መሳርሕን ብሓደሽ መልክዕን ተተኪኡ ደርከበ። እቲ ብእኩብ ሰባት ዝጻወት ዝበረ ልምድታት፡ ሎሚ ናብ ብሕቲ ደሰጋር ኣሎ። ኣብዚ እዋን መዛናግዒ መደባት ኣብ ዝተፈላለየ ኤሌክትሮኒካዊ ኣቑሑ ብምዕቡል ኣሰራርሓ ተጻዊኑ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ደርከበ። እቲ ብልዑል ምህዞን ፈጠራን ተሰኒዑ ዝቖርበ መደባት፡ ቀጻሊ ብሓደሽ ምዕባሌታት እናተዋስወን እናተተካኽአ ብልዑል ፈጠራውነት ንደቂሰባት ኣብ ምምራኽ ደርከበ።



ዓለም ብኸላ ዘየጸንቅቐ ብልሒ. ሰባት፡ ናብ ምሃቡልን ስልጡንን መድረኽ ክተብጽሕ ክኢላ'ያ። ኻ'ውን ንዘለዋል ዕብየት ትቐጽል ኣላ፡ እንተኾኑ ምሃለ ብዙሕ እውታዊ ረብሓኺ እንተሃለዎ፡ ብስራ ብዘበእ ዘይምጥቃምን ኣድላይነቱ ዘይምግንዛብን ብዘውሪ ዝጥቀማሉ ሰብ ኣደዳ ዝተፈላለየ ጥዕናውን ኣእምሮኣውን ጸገማት ክኸውን ዝቕስብ እዩ። እቲ ምንታይ፡ ካብቲ ኩሉ ዝዓለ ወጽኢት ቴክኖሎጂ ንግኻ እንታይ ዝየዳ የድልየካ ፈሊኻ ክትፈልጥ እንተ ዘይክኢልካ፡ ብከብር ግዜኻን ዕድልካን ትጣዕዕ ስለዘለኻ፡ መጻኢኻ እንታይ ከም ዝመስል ብኢጋኡ ንጹር እዩ። ብዘበ ዘለዉ ሓደስቲ ርኽቦታት እኹል ሓብሬታ ክህልወካ ኣገዳሲ'ዩ። ሓብሬታ ኣእምሮ ክቅሕሕን ወሸጣዊ ሓይሊ ክበርኸን ስለ ዝሕግዝ፡ ስለዚ፡ በቲ ጽልዋ መንጽትካን ሕሉፍ ድሕሪ ባይታኻን ከየጥፈእኩ፡ ጎድኒ-ጎድኒ ምሃለ ምግዓዝ ጥንቃቐ ዝሓትት ብልሒ እዩ።

ብርግጽ ሎሚ ንመዛናግዒ ዝሽነው ዘለዉ መደባት፡ ዕድመ ብዘይፈሊ መንገዲ ስለዝዓለዉ - ክንጾ እውታዊ ረብሓታም ጎድንኣዊ ሳዕቤናም እናዛየደ ይመጽእ ኣሎ። እስከ ኣብ'ዩም ኤሌክትሮኒካዊ መሳርሒታት ዝጸንኑ መደባት ቪድዮ 'ገይም' ( video game) ከተከቱር። ቪድዮ ገይም ብረቂቕ ንዋት ስለ ዝዓሉ፡ ንኣእምሮ ሰባት ብቐሊሉ ብምቁጽጻር፡ ኣብ ምርኮኡ ንምእታው ኣይጸገምን እዩ። ብዙሓት ተጠቀምቲ እቲ ንዋት (ቪድዮ ገይም)፡ ነቲ ጸወታ ሓንሳእ ምስ ጀመሩዎ፡ ናይ ህልኽን ውድድርን መንፈስ ኣብ ውሽጦም ስለዝበ፡ ከቋርጽዎ ምሕር ይጸገሙ። ከምኡ'ውን ንኣእምሮኦም ኣብ ርሱን ውጥረ ብምትካል፡ ሓያሎ ሰዓታት ብዘይ ዕረፍቲ ናይ ምጥቃም ልምዲ የጥርዩ። ኣብቲ ፈለማ ንመዛናግዒ ዝጀመርዎ ጸወታ፡ ብቐልጠፍ ናህሪ ናብ ወልፊ ክሰግር ግዜ ኣይወስደሉን።

ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ክቱር ልምዲ ጸወታ ቪድዮ ገይም - ናብ ወልፊ ክሰግር ከም ዝኽእል ኣረጋጊጹዎ ኣሎ። ወልፊ ቪድዮ ገይም፡ ከም ካልኦት ሓደገኛታት ወልፍታት፡ ተመሳሳሊ ጉድኣት ኣብ ተጠቀምቲ ወይ ተጻወትቲ ከኸትል ይኽእል። ኣብ ከበና ብውልቕን ጉጅለን ቪድዮ ገይም ዝጻወቱ ሰባት ንዕዘብ ኣሎና። ብፍላይ ኻ ትሕቲ ዕድመ ቁልዑን መንእሰያትን ኣብ ህልኽ ተጸሚዶም ነዊሕ ሰዓታት ከጥፍኡ ይረኣዩ ኣለዉ። ብዙሓት መንእሰያት ኣብ ጎደናታትን ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎትን ብእኩብን ብጽምድን ኩይኖም፡ ብ"ሉዶ" ዝፍለጥ ገይም እንተስ ብገንዘብ ወይ'ውን ብኻልእ ረብሓ ዘሎዎ ነገራት ክጻወቱ ይረኣዩ እዮም። እቲ ልምዲ ጸወታ፡ ናብ ወልፊ ከይምዕበለ ክንጥንቀቐሉ ይግባእ። እንተዘይኮይኑ ግን፡ ካብ ምዝንጋዕ ሓሊፉ ካልእ ዘምጽኦ ጣጣ ከምዝሎ ምግንዛቡ ከድልየና እዩ።

ሓደ ልምዲ ናብ ወልፊ ምስ ማዕበለ፡ ንጥዕና ኣእምሮን ባህርያዊ ኩነታትን ተጠቃሚ ከጥቅዕ ይኽእል። ዝኾነ ዓይነት ወልፊ ዘይኮነ ካልኦት ሕማማትን ስንክልናን፡ ኣብ ጥዕና ዝህልዎ ኣሉታዊ ጎድኒ ዝኸበደ ሳዕቤን ዘስዕብ እዩ። ኣብ ዝተፈላለየ ኤሌክትሮኒካዊ መሳርሒ ዝጸንን ቪድዮ ገይም፡ ክንጾ ምዝንጋዕ ኣብ ታኸላ ዓቕቱ ዝሰዓም እንተኾይኑ፡ ኣብ ህይወት ተጠቃሚ ዝህልዎ ጽልዋ ሕማቕ ምኻኑ ፉሉጥ'ዩ። ኣብ ሃገርና ብሰንኪ ዝስዕብ ዝተጋለ ተርእዮኺ እንተዘየሉ፡ ኣብ ካልኦት ዜጋታት ዘስዕቦ ዘሎ ሳእያ ግን ብቐሊሉ ክንግንዘቦ እንኽእል እዩ። ስለዚ፡ ነቲ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዝርኣ ዘሎ ሕማቕ ተሞኩሮ ከም መምሃሪ ብምውሳድ፡ ነቲ ዝቀላቐሉ ዘሎ ውሑድ ተርእዮታት ክይስዕረረ ምውጋዱ ኣገዳሲ እዩ።

ኩሉ ዓይነት ወልፊ፡ ብቐጥታ ንኣእምሮኣዊ ዕቤት'ዩ ብኣሉታ ዝጸልዉ። ኣብቲ ናይ ፈለማ ደረጃ፡ እቲ ወልፊ ከም ምንጪ. ሓጎስ ኩይኑ ይስምዓ። እቲ ብጥዛ ብዘይ ተጉዳእነት ዝፍልም ግኑይ ልምዲ ኣብ ዓንኪሉ ብምእታው፡ ካልእ ጨፈራታት ህይወት ከም ዘይትሰዘብ ይጉብኡ። ንኣብነት፡ ሓደ ሽጋራ ዘትክኽ ሰብ፡ ፈለማ ነቲ ወልፊ ክጀምሮ እንከሎ - ብሓንቲ ንጹል ሽጋራ ይፍልጦ። ምስ ግዜ ድማ ናብ ምሉእ ጥቦ ሽጋራን ልዒልኡን ይሰግር። ዋላውን እቲ ወልፊ ኣብ ጥዕናኡ ዘኸትሎ ሳዕቤን ኣዳዕዩ እናፈለጠ፡ ከም በዛም ብሓደ መንገዲ ክመላለሰ ይግደድ።

ምጥቃም ዝኾነ ዓይነት ቪድዮ ገይም ብዘይ ደረት፡ ኣብ ልዕሊ ህይወት ሰብ ዝተፈላለየ ጸገማት ዘፈጥር እንተኾይኑ፡ 'ወልፊ ገይም' ክበሃል ይከኣል። እቲ ዝዓለ ረቂቕ ንዋት ኣብ ከምፒዩተር፡ ሞባይልን ካልእ መሳርሒታትን ክጸንን ይኽእል። ካብ ዝሓለፈ ውሑድ ዓመታት ጀሚሩ፡ ተጠቃምቲ ቪድዮ ገይም ጥርዚ በጺሑ ደርከበ። እቲ ዝቐርብ መደባት፡ ብፍላይ ንቁልዑን መንእሰያትን ዝዓለመ ኩይኑ'ዩ ዝዓሉ። ብዘይካዚ፡ ነቲ ዝዓሉ ቪድዮ ገይም ብቐጥታ መስመር ብማሕበራዊ መራኸቢታት ክፍና ጀሚሩ ኣሎ። እዚ ኣገባብ ኣብ ውሑድ ደቓይቕ ንብዙሓት ተጠቀምቲ ብምዕዳም፡ ኣብ መንጎኦም ሓያል ናይ ውድድር መንፈስ የስርጽ። እቶን ዝዓልዋ ትካላት ድማ ነቲ ኣብ ካዝናኦን ዝኣቱ እቶት ጥራይ ብምቁማት፡ ወግሉ ጸቢለ ሓደሽ ፍርያት ንምድላው ብልዑል ወፍሪ ኣብ ውድድር ተጸሚደን ደርከበ። እቲ ዝዓልዋኦ ሓደሽ ሰርሓት፡ ንርሑቕ ዝዓለመ ጽልዋ ከም ዝህልዎ፡ ብዙሓት ተጠቀምቲ ከም ዝእንግድን ንምግባር ጻዕርታት የካይዱ።

ኣብዚ ጉዳይ ኣተኩሩ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ፡ ክቱር ወልፊ ቪድዮ ገይም ንኣእምሮ ክበድኡ ጸቕጢ ክፈጥርን ወልፊ ከምዕብልን ይኽእል። እቲ ዘኸትሎ ሳዕቤን፡ ዝያዳ ንውልቀ-ሰባት ከጥቅዕን ካልእ ዝተሓላለኸ ጸገማት ክፈጥርን ከም ዝኽእል ድማ፡ ኣብቲ መጽናዕቲ ተረጋጊጹ ኣሎ። ውሉፋት ቪድዮ ገይም ዝጠዘለ እዋን ካብ ሰብ ዝተገለሉን ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ብቐሊሉ ዘይሳተፉን ዘይረዳድኡን እዮም። ብሰንኩ ከኣ ግዳይ ናይ ዝተፈላለዩ ውልቃውን ማሕበራውን ጸገማት ይኾኑ።

ወልፊ ቪድዮ ገይም፡ ምስ ካልኦት ሓደገኛታት ወልፍታት ዘመሳሰሎ ሓባራዊ ባህሪ ኣለዎ፡ ቀዳማይ - ንምጽዋቱ ዝጠፍእ ነውሓት ግዜ እዩ (ዝጠዘለ ዓይነት ወልፊ ብዘይ ገደብ ግዜ'ዩ ዝዘውተር)፡ ካልኣይ - ነቲ ንጥፈት ንምቁጽጻር ዝፍጠር ሓያል ደፋእ. ስምዒት እዩ፡ ውሉፋት ሰባት - ዝለመድዎ ነገር ክሳብ ዝረኽቡ፡ ርጉእን ህዉጽን መንፈስ ይህልዎም። ብሰንኩ ማሕበራዊ ዝምድናኦም ዝማህመሃ ይኸውን። ብዘውሻኺ፡ ነየም ኣብ ከበብኦም ዝርከቡ ሰባት (ሰድራቤት፡ ኣዕሩኽን መሓዙትን) ሰላሞም ብምዝማት፡ ኣሰር ዝቐደሞ ንክኽተሉ ልዑል ጽልዋ ይህልዎም።

እቲ መጽናዕቲ፡ ውሉፋት ቪድዮ ገይም ትሑት ኣእምሮኣዊ ምዕባለ ከም ዘለዎም ይሕብር። ብፍላይ ኣብ ክሊ. ዓሰርተ ዓመት ዕድመ ዝርከቡ ቁልዑ፡ ክቱር ናይ ሕርቃን ባህርን ኣተሓሳስባን ይህልዎም። ኣብ ሕብረተሰብ ዝሕተቱ ማሕበራዊ ርክብን ባህርን የማዕብሉ። ብዘወሰኺ'ውን ብልዑል ኣእምሮኣዊ ጸገማት ሰለ ዝኻብጡ፡ ንዝኾነ ነገር ቀልጢፎም ከርስዑን ክየዥዎን ይረኣዩ።

ኣብዚ እዋንዚ፡ ብሸኺ. ዘይግበእ ኣተኣላልያ ወለዲ፡ ኣብ ንኡስ ዕድመኦም ዝተፈላለየ ቪድዮ ገይም ዝጻወቱ ቁልዑ ይረኣዩ ኣለዉ። እቶም ቁልዑ፡ ነቲ ትርጉምን ኣገዳስነት ትምህርትን ክፈልጥሉ ዝግበኦም ደረጃ ዕድመ፡ ብሸንቱ ኣብ ትርጉም-ኣልቦ ንጥፈት የጥፍእዎ። ኣብ ንኡስ ዕድመኦም፡ ናይ 'ሰዒረን ተሳዒረን' ኣተሓሳስባ ብምምህብ፡ ኣብ ህልኽ ይጽመዱ። እቲ ልምዲ ንኣእምሮኦም ብዛዕባ ከሎሉ ብምግራድ፡ ካብ ምርምር ዓንቂጹ ኣብ ሓደ ዓኽሊል ክዘውሩ የገድዶም። ስለዚ፡ ኩሉ ዜጋ ብሓፈሻ ወለዲ ድማ ብፍላይ፡ ነቲ ጸዕዳ ኣእምሮ ቁልዑ ግቡእ ቀለም ኣብ ምቕባእ እዋን ከይሕብዱ እንተሎ ክቖጣጠሩ ይግባእ።

ሰብ ብኸላ ምዕቡል ኣእምሮኡ'ዩ ካብ ካልኦት ፍጡራት ዝፍለ። እቲ በሊሕ ኣእምሮ፡ ብዘምዩ ኣገባብ ኩሉ ንጥፈታቱ ዘይዱ እንተ ኾይኑ፡ ብዙሓት ዘይተኸፍቱ በሪታት ክረሓውን ክፍትሸን ይኽእሉ። ኣእምሮ ደቂ ሰቡ ብዙሕ ኣይነቕቲ ሓቅታት ዝሓቐፈ፡ ኻ'ውን ዘይተበርበረ ብቐዓት ይውንን። እንተኾኑ ነቲ ተፈጥሮኣዊ ህያብ ዝኾነ ክፋል ኣካላትካ ብግቡእ ካብ ምጥቃም በኹርካ ብምርጫኻ ብእትወስዶም ውሳኔታት፡ ካብ ምህዞን ምስፍሑን ሓንጊድካ ብሸኺ. ወልፍታት ንክዳኸም ክትፈርዶ ከለኻ፡ ሰበን እዝዞን ዘይፈትዎ ዓቢ. በደል እዩ ዝኸውን።

ካልኡ፡ ወልፊ ቪድዮ ገይም ንምጽዋት ዝጠፍእን ንውሓት ግዜ ዘስዕቦ ጉድኣት እቲ ዝኸፍአ እዩ። ሓደ ሰብ ኣብ መዓልቲ ገይም ንኽጻወት ልዕሊ. ክልተ ሰዓት ዘጥፍእ እንተ ኾይኑ፡ ኣብ ሰሙን ተደሚሩ ክንደይ ሰዓት የጥፍእ ንምግማቱ ዘጸግም ኣይኮነን። ብዙሕ ዓይነት ገይም ኣብ ሓደ ዘርኒ ዘየቋርጽ ብምኻኑ፡ ብኽፋላቱ'ዩ ተጎዳጊሉ ዝዓሉ። ተጠቃሚይ ድማ፡ ሓንሳእ ጀሚሩ ንኸቋርጾ ዘሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ጸቢብ'ዩ። መንእሰያትን ቁልዑን ቀንዲ ግዳያት ናይዚ ኩይኖም፡ ግዝኦም ንሸንቱ ከጥፍኡ ይረኣዩ። ስለዚ፡ ግዜ ዘይምለስ ክቡር ዕድል ምኻኑ ተገንዚቦም፡ ኣንፈት መጻኢ. ህይወቶም መኣዝኑ ከይስሕት ክጥንቀቑ ይግባእ።

ወልፊ መብረሲ. ኩሉ ወሸጣዊ ጸጋታት'ዩ። ካብዚ. መልመሲ. ንጥፈት ዝርከብ ረብሓ ድማ ፍጹም የለን። ወልፊ፡ ንኸኒታት ጥዕናናን ነቲ ዳግም ዘይምለስ ግዜናን ንዋታዊ ሃብትናን ብምብዓም፡ ግዳይ ኣእምሮኣውን ማሕበራውን ጸገማት ንኸንኸውን ይቕስብ። ስለዚ፡ ዚ. ኣብ ሃገርና ዝርኣ ዘሎ ልምዲ ጸወታ ቪድዮ ገይም፡ ዓብን ንእሽተይን ኣብ ኣጠቓቕማኡ - ነቲ ኣሉታዊ ሸነኹ ክቕሕሉን ብማጠናዊ ኣገባብ ክስዕቦ ይግባእ። ብፍላይ ወለዲ፡ ሎሚ እንዝርኦ ዘርኢ፡ ጽባሕ ኣብ ደቅና እንታይ ዓይነት ፍረ ይህብ ብምግንዛብ፡ ኣብ ኣተኣላልያ ደቅና ዕቱብ ምክትታል ብምግባር፡ ውሑስ መጻኢ. ከጣጥሕ መልእኽትና እዩ።




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ


ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284



# ልምዓት ተምሪ
# ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ

**ኣቶ ዓብደላ ስወይልሕ**



2ይ ክፋል

ኣቶ ዓብደላ ስወይልሕ፡ “ኣብ ሃገረይ ተምሪ ከፍሪ እየ” ዝብል ሓሳብ ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ኣእምሮኡ ተመላሊሱ። ቃልሲ ሓርነት ኣብ ምዕራፉ በጺሑ ዝርእየሉ ግዜ ክቀላጠፍ’ሞ፡ ናብ ዓዱ ኣትዩ ክሰርሕን ክልምዕን ኣመና ህንጡይ ነበረ። ብሕልፊ ጩራታት ሓርነት ናብ ምብራቓዊ ገማግም ኣብ ዝተቐልቀለላ ዓመተ-1990 ምድላዋቱ ጀመረ። ኣብ 1991፡ እቲ ንልዕሊ 17 ዓመታት ኣብ ኣኣምሮኡ ክሰላስሎ ዝጸንሐ ልምዓት ሕርሻ ተምሪ፡ ኣብ ባይታ ዝትግበረሉ መድረኽ ኣኸለ። ሓርነት መላእ ሃገር ስለ ዝተረጋገጸ፡ ምስቶም ቀዳሞት ካብ ማእከላይ ምብራቕ ዝተመልሱ ኤርትራውያን ናብ ሃገሩ ኣተወ። መስርሕ ረፈረንደም ምስ ተዛዘመ፡ ናብ ምምሕዳር ዞባ ብምኻድ፡ ናይ ተምሪ ሕርሻ ክገብር ሓሳብ ከም ዘሎዎ ኣፍለጠ። ድሕር’ዚ፡ ኣብ ከባቢ ሽዕብ መሬት ተዋህቦ’ሞ፡ ናይ ወፍሪ ዓቕሙ ድሩት ክነሱ፡ ብገዚፍ ወጻኢታት፡ ፍረ ተምሪ ብምትካል፡ ‘ሀ’ ኢሉ ናይ ልምዓት ስርሑ ኣበገሰ። ንተመኩሮኡ ዘደንፍዕ ሕርሻዊ ምኽሪ ክወሃቦ ስለ ዝሓተተ፡ መንግስቲ፡ ኣብ’ዚ ዓውደ-ሕርሻ ፈላሚ ከም ዝኾነ ሓረስታይ መጠን ኣተባብዖ። ብመገዲ መጽናዕታዊ ኣካሊታዊ ክንክን (Tissue Culture) እተመልመለ ምሩጽ ፈልሲ ተምሪ እውን ሃቦ። ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት ዝወሰደ ከቢድ ጻዕርን ምጽማምን ድማ ምህርቱ ክሓፍስ በቕዐ፡ ፡ ብዓቕሙ ዕዳጋታትን ዋጋን ተምሪ ኣብ ምርግጋእ ቀሊል ዘይኮነ ተራ ተጻወተ። ኣብዚ እዋን፡ 540 ኣግራብ ተምሪ ይውንን። እቶም 270፡ ብኣካሊት ዝፈለሱ ምሩጻት ዓሌት ተምሪ ኼይኖም፡ ኣብ ንግዳዊ ሕርሻ ጽቡቕ ውጽኢት ክህልዎም ተስፋ ተነቢሩሎም ካብ ዘለዉ እዮም። ማእከላይ ገምጋም ናይ ዓመታዊ ምህርቱ፡ 150 ኪሎ ግራም ካብ ሓንቲ ገረብ በጺሑ ኣሎ። ድሮ እውን ምህርቱ ናብ ወጻኢ ሃገር ክሰድድ ዕላዊ ኣፍልጦ ተዋሂብዎ ኣሎ።

ኣቶ ዓብደላ ስወይልሕ፡ ብ1942፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ማርሳ-ቁባዕ ናይ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ እትርከብ ዓዲ፡ ካብ ሓረስቶት ስድራቤት ተወሊዱ። ከም ኲላቶም ኣብ ከባቢኡ ዝነበሩ መዘናኡ፡ ቅዲ መነባብሮ ናይ’ቲ ገማግም ባሕሪ ተላቢሱ እዩ ዓብዩ። ቀስ-ብቐስ፡ ኣብ መጓሰ ናብ ናይ ባሕርን መሬትን ንግዲ ክነጥፍ ጀመረ። የግዳስ፡ እቲ ግዜ ኣይጠዓመን። ሓዳር ገይሩ ናብራኡ ክመርሕ ኣይሓገዞን። ኮታስ ቅሳነት ኣይተረኽበን። እቲ ኣብኡ ዝነብር ዝነበረ ህዝቢ፡ ብኢትዮጵያውያን ገዛእቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣደራዕ ስለ ዝኸበዶ፡ መብዛሕትኡ ናብ ስደት እዩ ኣምሪሑ። ኣቶ ዓብደላ እውን ምስ ስድራ-ቤቱ ናብ ስደት ክምርሕ ተገደደ። ካብ ማርሳ-ቁባዕ፡ ናብ ማርሳ-ተኽላይ፡ ካብ ማርሳ-ተኽላይ ድማ ናብ ሱዳን ሰገረ። ኣብ ሱዳን ንውሑድ ዓመታት ድሕሪ ምጽናሕ፡ ናብራኡ ንምምሕያሽ ናብ ስዑዲ ዓረብ ሰገረ።

“ዘይዓድኻ ኣይዓድኻን እዩ። ኣብ ዘይዓድኻ ዝተቐረበልካ እምበር፡ ኣማሪጽካ ክትሰርሕ ኣይትኽእልን ኢኻ። ስዑድያ ምስ ኣተኹ፡ እታ እንኮ ዝረኸብኩዋ ዕድል ስራሕ፡ ሕርሻ እያ። ናይ ጉልበት ሰራሕተኛ ኹይነ ተቖጺረ” እዩ ዝብል ኣቶ ዓብደላ ስወይልሕ።

ነቲ ናይ ስደት ህይወት ክብድሆ እምበር፡ ኢዱ ኣልዒሉ ክስዓረሉ ኣይመረጸን። ካብ ከተማ ናብ ርሑቕ በረኻታት ብምውጻእ፡ እናሸቀለ ህይወቱ መርሐ። ናይ ማሕረስ ህይወት፡ ንትዝታን ቃንዛን ስደት ብመጠኑ ዝድብስ ኰይኑ ረኸቦ። እቲ ምስጢር ካልእ ዘይኰነስ፡ ኣብ ስራሕ ተጸሚዱ ሓሳብን ምስቁርቋርን ክጉድል ስለ ዝኸኣለ ጥራይ እዩ፤ ብፍላይ እኳ ኣብ ስራሕ ሕርሻ ተምሪ ምስ ተጸንበረ። ነቲ ስራሕ ፈቲዩዎ። ናብራኡ እውን በቲ ስሩዕ ዕለታዊ ንጥፈታት ክሰርዕ ከኣለ። ነታ ሽዑኡ ኣእምሮኡ ዝበሓተት ሓሳብ ግን ብቐጻሊ የውርዳን የደይባን ነበረ፦ ‘ኤርትራ ዝዓበየ ሕርሻ ተምሪ እትውንን ሃገር ክትከውን ትኽእል’ያ። ብኹሉ ምችእቲ እያ። ብሕልፊ፡ እቲ ካብ ከበሳ ውሑጅ ዝወርዶ ከባቢታት ምብራቓዊ ጎላጉል ብተምሪ ክለምዕ ይኽእል እዩ። ንኣና ማይ ኣለና። ሃብታም ሓመድ ኣለና።’ ምስ’ዚ ኣተኣሳሲሩ፡ ኣብ ቦታ ስርሑ ትምህርትን ተመኩሮን ክቐስም’ውን ጸዓረ። ሽሕ’ኳ ኣሰራሕቱ ብዛዕባ ኣተሓሕዛ ሕርሻ ተምሪ ዝመጸ ምሉእ ፍልጠትን ምስጢርን ከፍልጥዎ ፍቓደኛታት እንተዘይነበሩ፡ ብናቱ ምብልሓትን ጻዕርን ገለ ፍልጠት ከዋህልል ከኣለ።

“ኵሉ ሓሳበይ፡ ኣብ ሃገረይ ናይ ተምሪ ሕርሻ ክገብር ኣሎኒ ዝብል እዩ ነይሩ። ኣብ ሕርሻ ተምሪ ከውፍር እንተድኣ ኰይነ ድማ ኣርሒቐ ክጥምት ነይሩኒ። ገንዘብ ከዋህልልን ክቕጥብን ናይ ግድን’ዩ ነይሩ። ሓዳረይ እናኣለኹ ገንዘብ ከዋህልል ጀሚረ” ክብል’ውን፡ ነቲ ናይ ሕጂ መደብ ብዓንተቦኡ ክዳለወሉ ከም ዝተገበሰ ይሕብር።

“ጠቕሊልካ ናብ ኤርትራ ኣብ ዝኣተኻሉ እዋን፡ ኩነታት ከመይ ጸኒሑካ” ዝብል ሕቶ ኣቕሪብናሉ።
“ናብ ሃገር ክኣቱ ከለኹ፡ ኤርትራ ካብ ባዶ እያ ትብገስ ነይራ። መንግስቲ’ውን ንኹሉ ወፍሪ ዝኸውን ገንዘብ ኣይነበሮን። በተን ዝነበራኒ ገንዘብ ክብገስ እንተዘይኰይኑ፡ ካልእ ኣማራጺ ከም ዘይብለይ ኣሚነ። ናብ ምምሕዳር ከይደ ዘልምዓሉ ቦታ ሕርሻ ክወሃበኒ ሓቲተ። ዘድሊ ቅጥዒታት ኣማሊአ። ክልምዖ ዝኽእል ቦታ ተዋሂቡኒ” ይብል ኣቶ ዓብደላ – ነቲ ሓድሽ ወፍሪ ሕርሻ ተምሪ ብኸመይ ከም ዝኣተዎ እንክሕብር።

ንኣቶ ዓብደላ ስወይልሕ፡ ኣብ ከባቢ ሽዕብ እዩ መሬት ተመሪሕሉ። እቲ ኸባቢ ብበዱኡ እዩ ጸኒሑዎ። ንምድልዳል መሬት ጥራይ ዓቢ ባጀት ክስልዕ ነይሩዎ። ንሱን ኣባላት ስድራ-ቤቱን ናብ ስራሕ እናወፈረ፡ ትራክተርን ዶዘርን እውን እናተኻረየ ሓያል ጻዕሪ ኣካየደ። ከቢድ ወጻኢታት ስለ ዝሓተቶ ኸኣ፡ ንመሬት ናይቲ ቦታ ቀልጢፉ ከዳላድሎ ኣይከኣለን። ይኹን’ምበር፡ በቶም ዝነበርዎ ሕጽረታት ከም ዘይተዳህለ፡ ከም’ዚ ክብል ይገልጽ፦ “ዕላማ ስለ ዝነበረኒ ኣይተሃወኽኩን። ብትዕግስቲ ስርሐይ ቀጺለ። ንዘጋጠሙኒ ሕጽረታትን ብድሆታትን ከኣ ሰጊረዮም። ኣብ 1996 ገረብ ተምሪ ተኺለ። ብኸምዚ ነቲ ሕርሻዊ ዕማም ፈሊመዮ።”

ኣብቲ እዋን፡ ብቐረባ ዝፈልጥዎን ብማዕዶ ዝርእዩዎ ዝነበሩን ሰባት፡ ከም ሓደ ንኸንቱ ዝሃልኽ ገንዘቡ ኣብ ባሕሪ ዘደርበየን ሰብ ገለጽዎ። ብዛዕባ ጥዕና እእምሮኡ ዝተጠራጠሩ ተዓዘብቲ’ውን ውሑዳት ኣይነበሩን። ኣዝማዱ’ውን፡ ሕርሻ ገዲፉ ገንዘቡ ኣብ ንግዲ ከውዕሎ መኸሩዎ። ንሱ ግን፡ ሓንቲ መዓልቲ ተዓዊቱ ክልተ መልሓስ ከዛርቦም ምኻኑ ይገልጸሎም ነበረ። ከምዚ እናበለ ከይተሓለለ ተጓዕዘ። በቲ ኻልእ መዳይ፡ ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻን ምምሕዳር ዞባን ነቲ ዘይሕለል ጻዕሩ ክምጉሱን ከተባብዕዎን ጀመሩ። ግዜ ከደ፣ ኣግራብ በቖሉ። ዘድሊ ክንክንን ናብዮትን እናገበረሎም ንዓመታት ተጸበዮም። ውጽኢት ናይ’ቲ ከቢድ ዓቕሊ ዝሓተቶ ዕማም ሕርሻ ተምሪ ኣንፈት ክህብ ጀመረ። ኣብ’ቶም ናይ ፈተነን ቀዳሞትን ኣግራቡ ዕምበባን እጉሚ ፍረን ተመልከተ’ሞ፡ ተስፋኡ ዓዘዘ። ኣቶ ዓብደላ ቀጺሉ ሕርሻኡ ናይ ምስፋሕ ስራሕ ቀጸለ። ሓደ ወፍሩ ድማ በዳዒ መድረኽ ተኸስተ። ወጻኢታት ልዕሊ ዓቕሙ ኰነ። ንሱ፡ ነቲ ተመኩሮ፡ ብኸም’ዚ ይገልጾ፦ “ወጻኢታት በርቲዑኒ። ፍረ ከይረኸብኩ ጥራይ ናይ ኢደይን እግረይን ነጊፈ። ምድረ-ሰማይ ጸልሚት ኢሉኒ። ተምሪ ህይወት ስለዘሎዎ ከይሞተኒ ሰጊአ። ከይቅጽሎ ገንዘብ ሓጺሩኒ፣ ከይገድፎ ኸኣ ዘይከኣል ኰይኑኒ። ኮታ ልክዕ ኣብ ማእከል ዓቕብ ደው ከም ዝበለት መኪና ኰይነ። ንግዚኡ እንታይ ከም ዝገብር ሓርቢቱኒ ነይሩ። መፍትሒ ተሳኢኑ ግን ኣይተረፈን። ሞያውያን፡ ካብ ባንክ ልምዓት ልቓሕ ክሓትት ኣማኸሩኒ። ተለቂሐ፣ ንስርሐይ ከኣ ቀጺለዮ።” ነቲ ዝዓበየ ብድሆ ኣብ ምስጋር ሞያውያን ሕርሻ ዓቢ ደገፍ ከም ዝገበሩሉ እውን ይምስክር።

ኣቶ ዓብደላ፡ ፈላሚ ናይ ተምሪ ሓረስታይ ከም ምኻኑ መጠን፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብፍሉይ ከተባብዐን ፈልስታት ምሩጽ ዓሌታት ተምሪ ክህቦን ጀመረ። ካብ ዓዲ እንግሊዝ፡ ቑጠርን ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ንዝመጹ፡ ፈልስታት ናይ ትሽዓተ ዓሌታት ተምሪ እዩ ወሲዱ። ንሱ’ውን ብዝግባእ ተኺሉ ተኸናኺናዎም። ማዕረ-ማዕረ እዚ፡ ካብ ተመኩሮ ሓረስቶት ካልኦት ሃገራት ግብራዊ ፍልጠት ምእንቲ ክቐስም፡ ከምኡ ጀማራይ ሕርሻ ገረብ ተምሪ ምስ ዝኾነ መምህር መልኣከ ገብረክርስቶስ ናብ ቱኒዝያ ንሓደ ወርሒ ከም ዝገይሸ ተገብረ።

ኣቶ ዓብደላ፡ ብዛዕባ’ዚ ተመኩሮኡ እንክገልጽ፡ ከም’ዚ ይብል፦ “ቱኒዝያ ዓዲ ተምሪ እያ፣ ብብዝሒ እዩ ዝፈሪ። ኣብኡ ብዙሕ ነገር ርኢናን ተዓዚብናን። ሓደ ወዲ ተሰዓ-ዓመት ሓረስታይ ረኺብና። እቲ ሰብኣይ ናይ ኣቦኡ ሕርሻ ተምሪ ከም ዘሎ ነጊሩና። ነቲ ዝጸንሓና ፍልጠት ወሲኽናሉን ብዙሕ ተማሂርናን መጺእና። ተምሪ ናይ ሓደ ዘመን ዕድመ ዘሎዎ ገረብ እዩ። ጽቡቕ እንተድኣ ተኸናኺንካዮ፡ ንደቅኻን ደቂ-ደቅኻን ዝኸውን ዓቢ ወፍሪ ምኻኑ፡ ኣብኡ ብግብሪ ርኢና።”

ኣቶ ዓብደላ ስወይልሕ ኣብዚ እዋን፡ ምስ ዓሰርተ ደቁን ደቂ-ደቁን እዩ ዝሰርሕ።

“ስራሕ ምሂሩና እዩ። ስልጠናታት ብቐጻሊ ንወስድ ኢና። ተመኩሮ ናይ ዝተፈላለዩ ክኢላታት ንውክስ ኣሎና። ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብፍላይ ድማ ኣቶ ሙሴ ፍቓዱ፡ ኣቶ ዳኒኤል ከሰተን ብዓቢኡ ኸኣ ካብ ዶክተር ዓብደላ፡ ብዙሕ ተማሂርና። ዛጊት፡ 270 ኣተኣማመንቲ ብኣካሊት ዝፈለሱ ምሩጻት ፈልስታት ተምሪ ተኺለ። ሕጂ’ውን 250 ከምኣታቶም ዝኣመሰሉ ፈልስታት ንኽተክትል እኹል ምድላዋት ገይረ እርከብ። ብህይወት ክሳብ ዘለኹ፡ ነዚ ሕርሻ እዚ ክቕጽሎ እየ” ይብል – ኣቶ ዓብደላ።

ኣብ መወዳእታ፡ “ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ዓለማዊ መዓልቲ ምግቢ 2023 ኣብ እተጸምበለሉ ኣጋጣሚ፡ ናይ ኣብነታዊ ሓረስታይ ሽልማት ሂቡካ ነይሩ እሞ፡ ሽዑኡ እንታይ ተሰሚዑካ?” ኢልና ሕቶ ሓቲትናዮ።

“ተሓጒሰ። ተስፋይ ወሲኹ። ግደ ሓቂ፡ ክሳብ ሕጂ ምትብባዕ መንግስቲ ኣይተፈልየንን። መንግስቲ ብዙሕ ናይ ትራክተርን ካልእን ሓገዝ ገይሩለይ እዩ። ምሩጽ ተምሪ ሂቡኒ። ወጻኢ ሃገር ሰዲዱ ተመኩሮ ከም ዝቐስም ገይሩ። ግን ከኣ እታ ዕለት ፍልይቲ እያ ነይራ። ዘፍረናዮ ተምሪ፡ ብጽቡቕ ተዓሺጉ፡ ዕዱማት ንኽስተማቕርዎ’ውን ፍሉይ ኣተኩሮ ተዋሂቡዎ ንምርኢት ቀሪቡ። ብዓቢኡ ምስክር ወረቐት ተቐቢለ። “እንቋ’ላህ” መሊሰ ክግስግስ እየ። ልክዕ እዩ – ዕዳ ኣሎኒ። ግና፡ ተምሪ ኩሉ ግዜ ዕዳጋ ስለ ዘይስኣና፡ ንሓረስቶት ተምሪ ዕዳጋ ሃገር ክኢልና ኣብ ዓቕሚ ሰደድ ምስ በጻሕና ክኸፍሎ እየ። ኣብ ሃገረይ ትርጉም ኣብ ዘለዎ ስራሕ ብምውፋረይ፡ ሕጉስ እየ” ብምባል ከኣ ዕላሉ ዛዚሙ።

ምንጪ፦ መጽሔት ፍረ-ጻዕሪ ቍ.3

ሽባብ
ሃማመተኤ

## ትዕዝብቲ

# ውሑዳት ታቤላታት፡ ብዙሕ ትሕዝቶ፡ ኣብ ስጋለት ቀጣን

ኢንጂ. ቢንያም መርሃዊ

ከተማ ምጽዋዕ ኣብ ቅንያት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ስለዘላ፡ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ነቲ በዓል ዘንጸባርቕ ምድላዋት እዩ ዝረአ። ሎሚ ዕለት 08/02/2024 ምሸት ምስ መሳርሕተይ ኣብ ጎደናታት ባጽዕ ከም ኩሉ ግዜ ሸናዕ እናበልና፡ ናይ ቅንያት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ዳሳትን ስሉም ጽርግያን እዩ ተቐቢሉና። እዚ ኩሉ ዘንጸባርቕ ነገር ንድምቀት ናይዚ በዓል ዘርኢ ኮይኑ፡ ካልእ ተወሳኺ ደስ ዘብል ትዕዝብቲ ኸኣ ኣብ መንገድና ጎፍ ኢሉና። ነዚ ደኣ ከም ኣብነት ንጠቕሶ ኣሎና እምበር ካልእ ብዙሕ ብኣብነት ክጥቀስ ዝኽእል ምድላዋት ነይሩ እዩ። እዚ ሕጂ ንዛረበሉ ዘለና፡ ሓጺር ታሪኻዊ ጽሑፍ ስርሒት ፈንቅል ዝሓዘ ታቤላታት፡ ካብ ስኤማ ስጋለት ጀሚሩ ክሳብ ጥዋለት ሒዙካ ዝሳገር፡ ኣብ ውሱን ርሕቀት ዝተደኮነ ታቤላታት'ዩ። ብቕርጥው ዝበለ መልክዑ፡ ብሓጺር መንገዲ ታሪኽ ዝነግር ኮይኑ ስለዝረኸብኩዎ እየ ክጽሕፎን ኣድናቖተይ ክገልጽን ተገዲደ። ንዝረኣኻዮ ጽቡቕ ከኣ ጽቡቕ ከይበልካ ክሕለፍ ስለዘይብሉ፡ ነቶም ነዚ ዝገበሩ ኣገናዕ እናበልኩ፡ ዝረኣኹዎ ከካፍል መሪጸ ኣለኹ። በሉ ሕጂ ካብ ስኤማ ስጋለት ናብ ጥዋለት እየ ከስግረኩም። ኣነን መሳርሕተይን እና'ንብብናልኩም ክንከይድ ኢና። ብሓባር ንኺድ።

ቀዳማይ ታቤላ፡ ቀዳማይ ገጽ፡ ዕለት 08/02/1990 መጥቃዕቲ ስርሒት ፈንቅል፡ ኣብ ታባ ከንቴባይ ህዝባዊ ሰራዊት ንመኣዘዚ ቦታ 6ይ ክፍለ-ጦር (ዓድዕለ) ተቐጻጺሩ፣ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ጋሕቴላይ መጥቃዕቲ ኣካይዱ፣ መስመር ኣስመራ ምጽዋዕ ተቖጻጺሩ። ዝብል ጽሑፍ፡ ብቛንቋ ትግርኛን ብዓረብን ተጻሒፉ ንርኢ። በቲ ካልኣይ ገጽ ከኣ፡ "ነቲ ሓይሊ ባሕሪ ናይ ኢትዮጵያ ጥራይ ኣይኮናን፡ ሓይሊ ናይ ሓያላን ኢና ሰዒርና፡" ተጋዳላይ ተወልደ ቀላቲ። ዝብል ንርኢ፡ ናይ ቀዳማይ መዓልቲ ውዕሎ ከኣ ብኸምዚ ኣሕጽር ኣቢሉ ገሊጹዎ ይሓልፍ።

ካልኣይ ታቤላ፡ ቀዳማይ ገጽ፡ ዕለት 09/02/1990 ህዝባዊ ሰራዊት ንደንጎሎ ታሕታይ ድግድግታን ደጎሊን ተቖጻጺሩ። ዝብል ነንብብ። ኣብቲ ካልኣይ ገጽ ከኣ፡ "ጸላኢ ኣብዚ ውግእ'ዚ ዓቢ ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራ'ዩ ኣጋጢምዎ። ድሕሪ ስርሒት ፈንቅል ድማ ብግብሪ ጸላኢ ሞይቱ'ዩ፡" ተጋዳላይ ሮሞዳን ዑስማን ኣወልያይ። ወሲኹ ናይ ካልኣይ መዓልቲ ውዕሎ ይገልጽ።

ሳልሳይ ታቤላ፡ ቀዳማይ ገጽ፡ ዕለት 10/02/1990 ህዝባዊ ሰራዊት ሰዓት 7፡00 ንታባ ፎርቶ ምጽዋዕ፡ ሰዓት 16፡00 ከኣ ንግራር ተቖጻጺሩ። ክብል ከሎ ኣብ ካልኣይ ገጽ ናይቲ ታቤላ ከኣ፡ "ጸላኢ ዓሻ'ዩ … እቲ ተደጋጋሚ ኩናት ዝመሃሮ ኣይመስለንን። ብሕጂ ክመሃር ከኣ ንጽበ፡ እንተ ዘይተማህረ ከኣ ባዕልና ንምህሮ፡" ተጋዳላይ ገረዝግሄር ዓንደማርያም (ውጩ)፡ ኣሰንዩ ናይ ሳልሳይ መዓልቲ ውዕሎ ይነግር።

ራብዓይ ታቤላ፡ ቀዳማይ ገጽ፡ ዕለት 11/02/1990 ናቫል በይዝ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ቁጽጽር ህዝባዊ ሰራዊት ኣትዩ። ድሕሪ ምባል ኣብ ካልኣይ ገጽ ከኣ፡ "እዛ ዛዛሚት ኩናት ካብ ባጽዕ እያ ተበጊሳ፡ ባጽዕ እያ ነታ ዛዛሚት ኩናት ኣርሒያ ኣሕሊፋታ፡" ተጋዳላይ ፍሊጶስ ወልደየውሃንስ። ወሲኹ ናይ ራብዓይ መዓልቲ ውዕሎ ይገልጽ።




ሓምሻይ ታቤላ፡ ቀዳማይ ገጽ፡ ዕለት 13-14/02/1990 ኣብ ግንባር ጊንዳዕ ብርቱዕን ደማዊን ኩናት ተኻይዱ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ውሽጢ ባጽዕ ንዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ፡ ኢዱ ብሰላም ክህብ መልእኽቲ ሰዲዱ። ኣብ ካልኣይ ገጽ ከኣ "እዛ ባሕሪ ባሕርና እያ፡ ወነንታ ከኣ ባዕልና ኢና፡" ተጋዳላይ ሑመድ መሓመድ ካሪካረ። ኣሕቢራ ናይ ክልተ መዓልቲ ውዕሎ ብሓንሳብ ጠርኒፋ ተዘንቱ።

ሻድሻይ ታቤላ፡ ዕለት 15/02/1990 - ፈለማ ሰራዊት ጸላኢ ዓሪዱሉ ኣብ ዝነበረ ዝተመረጸ ከባቢታት፡ ብኸበድቲ መዳፍዕን ታንክታትን ብርቱዕ ደብዳብ ተኻይዱ - ተጋደልቲ ህዝባዊ ሰራዊት ካብ ናቫል በይዝ ብፈጣናት ጀላቡ ብምስጋር ንርእሲ ምድሪ ተቖጻጺሩ - ተመሳሳሊ ግዜ ህዝባዊ ሰራዊት ንስጋለት ቀጣን ሰጊሩ ጥዋለት ኣትዩ። ኣብ ካልኣይ ገጽ እቲ ታቤላ ከኣ፡ "ዝኾነ ስትራተጂ፡ ካብ ዕውት ስልትን ዕውት ስርሒትን ጥራይ'ዩ ዝርከብ፡" ተጋዳላይ ሰብሓት ኤፍሬም። ዝብል ኣሰንዩ ናይቲ ዕለት ውዕሎ ይገልጽ።

ሻብዓይ ታቤላ፡ ቀዳማይ ገጽ፡ ዕለት 16/02/1990 ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ፡ ምሉእ ብምሉእ ሓራ ኮይና። ምስ በለ ካልኣይ ገጽ እቲ ታቤላ ኸኣ፡ "ምምጻእ ህዝባዊ ግንባር ከም ሓይሊ፡ ምድሓን ጂኦ-ፖለቲካዊ ረብሓታት ህዝቢ ኤርትራ እዩ፡" ተጋዳላይ ኣልኣሚን መሓመድ ሰዒድ። ዝብል ተወሲኹዎ፡ ምልኣት ሓርነት ከተማ ምጽዋዕ ይነግር።

ሻምናይ ታቤላ፡ ቀዳማይ ገጽ፡ ኣብ ስርሒት ፈንቅል ዝተሳተፉ ዓቕሚ ሰብን ኣጽዋር ህዝባዊ ሰራዊትን

-ዓቕሚ ሰብ 13,500 - ኣሃዱታት ክ/ሰ 61፡ 70፡ 74፡ 85፡ 96ን፡ ዝተዋጽኣ 9 ኣጋር ብርጌዳትን 3 መካናይዝድ ብርጌድን

- 10 ፈጣናት ጀላቡ ዝዓጠቐ ሓይሊ ባሕሪ ህዝባዊ ሰራዊት

- ኣጽዋር፣ 45 ታንክታት 100 ሚ.ሜ፡ 31 ከበድቲ መዳፍዕ፡ (85፡ 120፡130 ሚ.ሜ)፡ 4 ቢ.ኤም 21 ወንጫፊ ሮኬታት፡ ልዕሊ 20 ጸረ ነፈርትን ኣጋርን ረሻሻት፡ ጸረ ታንኪ ሚሳይላት። ብምባል እዚ ዝተሳተፈ ዓቕሚ ክገልጽ ከሎ፡ ኣብ ካልኣይ ገጽ ከኣ፡ "ውሸጣዊ ሓድነትካ ምስ ኣሐየልካ ኢኻ ንጸላኢ ክትሰዕር ትኽእል። ኣብ መወዳእታኡ እቲ ዓወት ዘይተርፍ ምዃኑ ከኣ ይረኣየና ነይሩ፡" ተጋዳላይ ሮሞዳን መሓመድኑር። ብምባል ናይ ሻምናይ ታቤላ ትሕዝቶ ይውድእ።

ታሽዓይ ታቤላ፡ ቀዳማይ ገጽ፡ ካብ ዕለት 08-16/02/1990 ዝወረደ ክሳራ ጸላኢ ሰብኣዊ ክሳራ ምውትን ቁሱል 18,000 ኣጽዋር ኣብ ምሉእ ጎላጉል ሰምሃር ተዘርጊሑ ዝነበረ ኣጽዋራት ብዘይካ ውሑድ ዝዓነወ ዝበዝሕ ተማሪኹ። ዝተማረኸ ኣጽዋራት 130 በብዓይነተን ታንክታት፡ 8 ቢ. ኤም 21 ወንጫፊ ሮኬት፡ ኣስታት 70 ከበድቲ መዳፍዕ (122፡ 85፡ 76 ሚ.ሜ) ኣስታት 100 ከበድቲ መዳፍዕ ረሻሻት (23፡ 37 ሚ.ሜ) ካልእ ፈኮስቲ ብረትን ተተኮስትን። ክብል ከሎ፡ ኣብ ካልኣይ ገጽ ከኣ፡ "ስርሒት ፈንቅል፡ በሪ ምሉእ ሓርነት ዘርሓወ መግዛእቲ ፍርቂ ዘመን ዝፈንቀለ መስተንክር ጅግንነታዊ ፍጻሜ እዩ፡" ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ። ብምባል ብናይ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ቃል ይዓጹ።

ከምቲ ኣብ መእተዊ ዝገለጽኩዎ፡ ሓጺርን ገላጽን ስራሕ ብምዃኑ፡ ንኹላትና ጽማቝ ትሕዝቶ ናይ ስርሒት ፈንቅል ክንሕዝ ኣኽኢሉና ኣሎ'ሞ፡ ንሕና'ውን እንተ ዘየንዋሕናዮ ይሓይሽ። ወደሓንኩም!።

## ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

## ካልእ ሸነኽ ናይቲ ሓጹር

ሱራፌል ተ.

ዕምባባታት ምትካልን ምክንኻንን ዘሐጉሳን ዘሐብናን መንእሰይ ነበረት። ካንሸሎኣምን ውሽጢ ቤቶምን ብዕምባባታት ከም ዝውቅብ ጌራቶ ነበረት። ፍቕርን ምክንኻንን ዕምባባታት ዝመሃረታ ዓባያ'ያ። ዝረኣየቶ ጽቡቕ ዕምባባ ኣብ ካንሸሎኣ ክህሉ ክቱር ድሌት ነበራ። በዚ ኸኣ ኣብቲ ከተማ ብጽባቐን ብዙሕነትን ዕምባባታት ካብ ናታ ዝበልጽ ኣይነበረን።

ሓደ መዓልቲ ኣብ ሓደ መጽሔት ስእሊ ናይ ሓንቲ ዝዓበበት ተኽሊ ረኣየት። እታ ተኽሊ ንቕመትን ንጉድን ጽቡቕ እትዓቢ፡ ክሳብ 2 ሜትሮ ዝበጽሕ ቀመት ነበራ። ዕምባባኣ ክቕላዕ እንከሎ ዘሎዎ ግርማ ማዳርግቲ ኣይነበሮን። ከምኡ ዝበለ ዕምባባ ርእያ ስለዘይትፈልጥ ኣብ ገዛኣ ክትህሉ ደለየት። ኮሉ ዝከኣላ ገይራ ከተምጽኣ ሓለነት። ከም ዝሓሰበቶ'ውን ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ፡ ዘርኢ ናይታ ተኽሊ ረኺበት'ሞ፡ ብድሕሪ ገዛኦም ኣብ ዝነበረ ቅርዓት፡ ናብ ነጸላ መንደቖም ብምጽጋዕ፡ ቦታ ኣለማሊማ ቀንያ ተኸለታ። ሕልፊ ካልእ ኣታኽልታ ድማ ተኸናኸነታ።

እታ ተኽሊ ዕብየታ ቅልጡፍ ነበረ። ድሙቕ ቀጠልያ ዝሕብሩ ቈጽላ ኣጕላዕሊዑ፡ ጨናፍራን ጉንዳን ከም ዘይርአ ኰነት። ገና ዕምባባኣ ከየወጽአት'ኳ ምልክዕቲ ነበረት። እዛ መንእሰይ፡ መዓልቲ ድሕሪ መዓልቲ ማይ ኣስተየታ፡ ኰስኰስታ፡ ዳህሰሰታን ክንዲ ምንታይ ጽብቕቲ ምዃና ነገረታን፣ እንተኾነ ዕምባባ ናይ ምውጻእ ኣመት ኣየርኣየትን።

እታ መንእሰይ፡ ድሕሪ'ቲ ሰሙናት ዝወሰደ ዘየዕርፍ ክንክን፡ ኣብ ቅድሚ እታ ተኽሊ ደው ኢላ ሓሰበት። ክትዕምብብ ዘይምኽኣላ ኸኣ ቁር በላ። ንዓኣ ቈሪጻ ካልእ ተኽሊ ክትተክል'ውን ሓሳብ መጽኣ። ኣብቲ ጕርቤት ዘላ ካልእ መንእሰይ፡ በቲ ኳና ተቖልቀለት'ሞ ናይ ንግሆ ሰላምታ ተለዋወጣ። እታ መንእሰይ ቀልጢፋ ናብቲ ናይቲ ተኽሊ ሓሳባታ'ኳ እንተ ተመልሰት እታ ጕርቤት ግን ኣይሓደገታን።

"ኣመስጊንና ኢና ኸኣ፡" በለታ ጕርቤት።



"ናይ ምንታይ?" መለሰት መንእሰይ።

"ንግሆ ንግሆ በዛ ተኽልኺ ክንዲ ምንታይ እፍሳህ ኣለኹ ኣይትፈልጥን ኢኺ። ከምዚ ዓይነት ዕምባባ ኣብዚ ናትኪ ኩነ ኣብ ካልእ ርእየ ኣይፈልጥን። ማራ'ያ እተደንቐኒ፡" ክትብል መለሰት። እታ መንእሰይ ዝሰምዓቶ ክትኣምኖ ኣይከኣለትን።

እናጕየየት ናብቲ ሓደ ካንሸሎ ብምኻድ ነታ ተኽሊ ረኣየታ። ካብቲ ብስእሊ ዝረኣየቶ ንላዕሊ ብዝምስጥ መልክዕ ዓምቢባን መቒኡዋን ረኣየት። ብሓደ ሸነኻ ጥራይ ዓምቢባ ምርኣያ ገረማ።

ናይቲ ንስኻ እትደኽሞ ጽቡቕ ውጽኢት ንዓኻ ስለ ዘይተራእየካ ኣየፍረኻን ማለት ኣይኰነን።

Author: Randy Reynolds

# ሩፍታ

ማህሌታይ ያሬድ

## “ፍረ ስኒት!”

ሳልሳይን መወዳእታን ክፋል

“ንሞት ብምርጫኡ ዝኣትዎ ሰብ ኣሎ ደዩ?” ኣህምያ ዘረባኡ ጋን እናኸሩና እያ ሓቲታቶ።

“እቶም ኑቲ መልከፍቲ ዘይተቐበሉዎ፡ ኣብ ደንበ ምድኒብ ሞት እዮም ዝምደቡ። ምኽንያቱ መልከፍቲ ኤች. ኣይ. ቪ. ቫይረስ 65% ምስ ሓንጎል'ዩ ዝተኣሳሰር። ስለ'ዚ ክትቅበሎን ጸጺብካ ክትሓስበን ይግባእካ። እንተደኣ ዘይተቐበልካዮን ዘይኣመንካሉን ግን ንሞት ዘቀላጥፉ ስገምትታት ኢኻ እትወስድ። ጭንቀት፣ ጥርጣረ፣ ተዃስሎ፣ ኣድልዎ፣ ኣልኮላዊ መስተ፣ ሽጋራ፣ ፍትወ ስጋዊ ርክባት ካልኦትን ቀንዲ ረቋሒታት እዮም” በሎ።

ኣህምያ፡ ጸን ኢላ ካብ ምስማዕ ወጺኣ ቃል ኣየስተንፈሰትን። ተማስገን ዘረባኡ ምስ ዛዘመ “ኣመና ዕድለኛ ኢኺ፡ ዕድለኛ ብምዃንኪ ኣማስያኺ” በሎ። ኣህምያ ግን ነገሩ ጋን ኮና። ሓወሲ ስንብድ ኢላ ድማ “ጽናይ ኢኻ 'ዕድለኛ ኢኺ' ትብለኒ ዘለኻ?” ክትብል ብሓወሲ ምስደማም ሓተተቶ። ተማስገን ኣዒንቱ ናብ ህዋ ፈንዩ ንገለ ካልኢታት ድሕሪ ምሕሳቡ ብዕምቆት ኣስተንፈሰሞ “ብሓቂ ዕድለኛ ኢኺ። ስድራ-ቤትኪ ምሳኺ ኩይኖም ኩነታትኪ ይከታተሉ፡ ቃንዞኺን ሕማምኪን ይኣዝኑ፡ ምሳኺ ንጸው ነጀው ይብሉ፡ ክሳብ ክንደይ ከም ዘፍቅሩኺ'ሞ ሕሰብዮ። ካብ'ዚ ዝዓቢ ጸቡቕ ዕድል ኣሎ ደዩ?” ክብል ብኣንክሮ ጠመታ። ቐጺሉ ኸኣ፡ “ብስራ ተዃስሎ፡ ኣድልዎ፡ ሰኣን ዝኸታተሎምን ጽልኣትን ህይወቶም ዝሓለፉ ወሓዳት ኣይኮኑን” ኢሉ ደሃ። ኣህምያ'ውን ዘረባኡ ግዲ ተሰዊጡዋ ዝን ኢላ ኣስተንተነት።

“መዓስ ደኣ ኢና ኣብ ደገ ተራኺብና ነዕልል?” ተማስገን'ዩ ኑቲ ኣብ መንጎ ክልተኦም ዝዓሰለ ሪዚን ጸጥታ ሰቢሩ ዝሓተታ።

“ግዜ ደኣ ኣብይ ክሰኣኑ ደሓን ክንራኸብ እንዲና”

“ኣብ ቀረባ እዋን ብቐጸራ ተራኺብና ክነዕልል ኣለና”

“ኣነ ደኣ ኣብ ገዛይ ኣለኹ። ጽባሕ ዘይትመጽኣኒ'ሞ? ምእንቲ ርእሱ ሰንበት'ዩ። ስለ'ዚ ምሳሕ ክዕድመካ?”

ናብ ገዛ ምምጻእ ኣርኪቡሉ እዩ። ሕጂ ግን ንብይንና ኳንና ውልቃዊ ዕላል ክነዕልል እዩ ድልየተይ” ተማስገን ኣሰዊቡ፡ ከም ዝኸኑ፡ ጥዑይ ሰብ፡ ክትዛወር፡ ክተዕልል፡ ክትኑብር፡ ክትህልው. . . ከምትኽእል ምእንቲ ክትፈልጥ ኢሉ፡ ኣብ ደገ ከምዝቖጸራ ብህድኣት ነገራ።

“ኣብ በልካ ደኣ ሕራይ በል። ቦታን ሰዓትን እንተ ነገርካኒ ክመጽእ እየ” በለቶ።

“ኢምፐርያልዶ ይኸኣልና። ሰዓት 3:00 ናይ ድሕረቐትሪ።”

“ሕራይ ጸቡቕ”

“ግን ተሸፋፊንኪ ከይትመጽኢ.”

“ከመይ ኢለ ደኣ ክመጽእ?” በለት'ሞ፡ ነገሩ ግዲ ኣርሚሙዋ ክትስሕቕ በለት።

“ከም ጓል መጠንሲ. ጽብቕብቕ ኢልኪ ምጽኢ። እዚ. ተማስገን ደኣ እንታይ ኾይኑ'ዩ ኣብ ከረጢት ዝኣተወት ጓል ሒዙልና መጺኡ'ባ” ከይተብልኒ” ምስ በሎ፡ ድሕሪ ኣዋርሕ'ያ ክትስሕቕ ዝተራእየት። ኣደኣን ሓብታን እውን ተሰሩ ግዲ ረኺበን ወጅህን በርሀ። ተማስገን ካብ'ቲ ስድራ ተፋንዩ ወጸ። ኣህምያ ግኑ ኑቲ ዝበላ እናዘከረት ወዲኣን ኣምሲያ።

“ዋእ! እዚ ናተይ ነገርስ እንታይ ክበሃል'ዩ? ሕጂ ኣነስ ምስኮናይ ምድኒብ ኣለኹ ክብል'ዩ። ምስ ምድኒብ ሞት ወይስ ምድኒብ ህይወት? ክትብል ንገዛእ ነብሳ ብሕቶ ከተዋጥራ ሓደረ። ገለ እትደዓዓሰሉ ነገር ግን ነበረ። ንሕማም ኤች. ኣይ. ቪ. ምስ መስተ፡ ሽጋራን ቀጻሊ. ፍትወ ጾታዊ ርክባትን እያ ተተኣሳሰር። ንሳ ድማ ምስ ሽጋራ ይኹን ምስ ኣልኮላዊ መስተ ስለ ዘይትፋለጥ፡ ኣብ ገዛእ ነብሳ ቅልጡፍ ዕንወት ክመጽእ ከም ዘይክእል ትሓስብ። ስለ'ዚ ድማ ብህይወት ናይ ምንባር ዕድላ ተሰሩ ዘለዎ ገይራ እያ ትወስዶ።

ንጽባሒቱ ቐድሚ ርብዒ ሰዓት እያ ኣብ ቦታ ቆጸራ ተረኺባ። ኣብ ጣውላ ዝጸንሓ መጋዘን ኣልዒላ እናናርኣየት ከላ ድማ ተማስገን ወትፍ በሎ።

“ኣ......ኣ! ኣብ ሰዓትኪ. ኢኺ. መጺእኪ። ኣብ ቆጸራ ሻርፕ ምዃንኪ. ኣረጋጊጸ ኣለኹ። ኢሉ፡ ኣብ ጎና ኣጣጢሑ ኮፍ በለ። ዓይኒ ዓይና እናጠመተ ድማ “ብጽብቕትኺ. ባዕልኺ. ኑብስኺ. ከተባላሽውያ። ሰብ ፈሊጡ ኣይፈለጡ እንታይ ይገብረኪ.?” በሎ።

“እሂ. እንታይ ኩይኑ. . ደኣ ዘይገብር?”

“ሓንቲ ኣይገብርን'ዩ”

“ዋእ! ይዛረበልካ - ይወርየልካ”

“እንተ ሓሚቕካ፡ እንተ ተሸፋፊንካን ተሓቢእካን ደኣ ይዛረበልካ'ው። ኑብስኻ እንተ ኣልዒልካን ግሉጽ ኾይንካ እንተ ኸይድካን ግን ዋላ ሓደ ዘድህበልካ የለን። ማለት'ሲ. ከም ኩሉ ሰብ እዩ ዝርእየካ . .” ኣዘራርባኡ ስለዘመሰጣ፡ ክምስ ኢላ ሰቕ በለት። ተማስገን ኣሳሳይት ክጽውዕ ቀባሕብሕ ክብል ጸኒሑ፡ ከይተፈለጦ “ርኢኺ. ሚያ!” ምስ በሎ፡ ብኡንብኡ ገጽ ኣህምያ ተለዋዊጡ። ብኽልተ መታልሒ ርሃጽ ኮረር ኮረር በሎ፡ ገጻ ተለዋዊጡ ክትርህጽ ምስ ርኣያ እዩ፡ ተማስገን “እንታይ ድኣ ኾይንኪ.?” ክብል ሕቶ ዘቕረበሉ።

“ዋላ ሓንቲ” መለሰት ካዕቦ እና ኣስተንፈሰት።

“እንታይ ዋላ ሓንቲ ደኣ፡ ቀሪብኪ? ገለስ ኾይንኪ. ኣለኺ. . .!” ቀው ኢሉ ገጽ-ገጻ ጠመታ።

“እንታይ እሞ ፈሊጠ ኣልካ። ማለተይ'ሲ. . .” ዘረባኣ ኣቋሪጻ መንዲላ ገይራ ርሃጻ ጸረገት።

“ሓቂ ተዛረቢ. ኣህምያ! ገለስ ኴንኪ. ኣለኺ.?” ትርር ኢሉ ሓቲታ ተማስገን።

“እው እንታይ መሰልካ ተማስገን ሓወይ 'ሚያ' ምስ በልካ፡ ሕማቕ ተሰሚዑኒ። ምኽንያቱ እቲ ናብ'ዚ ደረጃ ዘብጽሓኒ ኣቤል፡ ከምኡ እናበለ'ዩ ኣታሊሉኒ። ስለ'ዚ፡ እታ ቃል ሕማቕ ስምዒት'ያ ትፈጥረለይ”

“እሰኪ እዚ. ከም'ዚ. ዓይነት ኣተሓሳስባ ካብ ኣእምሮኺ. ጽረግዮ። ኣነ ካልእ ሰብ እየ። ኣቤል ድማ ካልእ ሰብ'ዩ። እቲ ቐዳማይ ትወስድዮ ስጉምቲ፡ ዚ. ምርሳዕ እዩ። 'ኣሕ' ኣይትብሊ። 'ኣሕ' ኣገዳሲ ሃብቲ እዩ። ክትቅይርዮ ኣብ ዘይትኽእሊ. ነገር ናብ ድሕሪት ተመሊስኪ. ኣይትጠዓሲ። ዚ. ምዕራፍ ከይዓጸኺ. ኣብ ህይወትኪ. ለውጢ. ክተምጽኢ. ኣይትኽእሊን ኢኺ። ጭንቀት ቀታሊ.'ዩ” ድሕሪ ምባል፡ ስ ልቦናዊ ዝመስል ምኽሪ ሃባ።

ኣህምያ፡ ኑቲ ተማስገን ዝሃባ ምኽሪ 'ሕራይ' ኢላ ተቐቢላቶ'ሞ፡ ኣሰዒባ ድማ “ስማዕ'ስኪ . . . ኣብ'ዚ. ህይወት'ዚ. እቶም ንሞት ዘቀላጥፉ ነገራት እንታይ እንታይ ደዮም?” ኢላ ሓተተቶ።

“ኑቶም ትማሊ. ዝነገርኩኺ. ኣካይዳታት ኣወጊድኪ፡ ሓኪምኪ. ዝበለኪ. እናሰማዕኪ. ህይወትካ ትመርሒ. እንተ ደኣ ኾይንኪ፡ ከም ዝኾነ ጥዑይ ሰብ ክትነብሪ ከም እትኽእሊ. ነገረኪ. ነይረ'ዩ። ኣብ ኤች. ኣይ. ቪ. ቫይረስ፡ ንሞትካ ባዕልኻ እንተ ዘይኣቀላጢፍካዮ፡ ክሳብ'ቲ ኣምላኽ ዝፈቐደልካ ክትነብር ትኽእል ኢኻ።” ዝበልን ካልእ ሰፊሕ ትምህርትን ሃባ።

“ርኢኺ. ኣህምያ፡ ንሕና፡ ማለተይ ኣሃን ንሸኽን ንወሸጥና ባዕልና ኢና ንፈልጦ፡ ፡ ልዕሊ. ኹሉ ኣብ ሕማቕ ነገር ክንዋፈር የብልናን። እቲ ቫይረስ ኣብና ተሓጺሩ ክተርፍ ኣለዎ። ትማሊ. እዚ. ትማሊ.'ኩ፡ ንሕና ከም'ቶም ጥዑያት ኢና በሃልቲ ኢና'ኮ ነይርና። ግን እንተ ብዕድልና፡ እንተ ብወዝቢ. እዚ. ሕማም ኣጋጢሙና ኣሎ። በቲ ዘጋጠመና ከማርር የብልናን። እቲ ሃሲያ፡ ንዓና እዩ። ንሕና ኑቲ ህይወት ከመይ ኢልና ከም እንሰግሮ ጥራይ ክንሓስብ ኣለና። ክንነብር ዲና ኸንነምውት፡ ሓደ ፈጣሪ ዝውሰኖ'ኳ እንተኾነ. . .” ኢሉ ከይወድአ ኸሎ፡ “እሰኪ. ኣነ ሕጂ ኣበየናይ ምድኒብ እየ ዝምደብ?” በለቶ።

ዋእ! ኣነ ደየ ዝምደበኪ.?” ንሕቶኣ ብሕቶ መለሶ።

“መን ደኣ?”

“ባዕልኺ.”

“ባዕለይ ደኣ ከመይ ገይረ?”

“እሞ ኣይተረድኣክን ኣሎ ማለት'ዩ?”

“ተረዲኡኒ እምበር”

“እንተድኣ ተረዲኡኪ. ደኣ፡ በቲ ዝሓበርኩኺ. መሰረት፡ ኣበየናይ ምድኒብ ከም እትምደቢ. ንኑብስኺ. ምዘኒያ”

“ኣነስ ንዛ ኑብሰይ ኣብ ምንታይ ምድኒብ ከምዝምደባ ስለዘሓርበተኒ፡ ካብ ግምትካ፡ ኣረኣእያኻን ተመኩሮኻን ተበጊሰካ፡ ምስ ኣየናይ ምድኒብ ከም ዝገብኣኒ ንሰኻ ጥራይ ኢኻ ክትነግረኒ ትኽእል?”

“ንስኺ.'ሽ ኣበየናይ ምድኒብ ከምዝዘበርኪ. ኣይትፈልጥዮን ማለት ደዩ?”

“እንድዒ. . ምኽንያቱ ካብ ትማሊ. ምሸት ኣትሒዘ፡ ምደበይ ኣብ ምንታይ ምዃኑ ክሓስብ ሕርብት ኢሉኒ ኣሎ”

“ክሳብ ሕጂ እኳ፡ ኣብ ምድኒብ ሞት እንዲኺ. ጸኒሕኪ፡ ካብ ሕጂ ንንጸው ግን ምስ ህሉዋት ክትከኒ ተሰኡ እጉብር። ድሮ'ውን ዝጀመርክዮ ኾይኑ ይስመዓኒ ኣሎ” ምስ በሎ፡ በቲ ዝተዛረቦ ብፍርሒ. ተዋሒጣ፡ ፍዝዝ ኢላ ዓይኒ ዓይኑ ጠመተቶ።

ኣይተዛረበን። ትም ኢሉ ንገለ ደቓይቕ ምስ ተጸበየ፡ ብኸመይ ኣብ ሓደኛ ምድኒብ ከምዝጸንሐት ብዘይሕብእብእ ገለጸትሉ። “ከምቲ ትማሊ. ዝነገርኩኻ ኣይተቐበልኩዎን። ምኽንያቱ ድማ በዚ. ቫይረስ ምልካፈይ ክውሓጠለይ ኣይከኣለን። ሕጂ ግን ንዓኻ ረኺበ ተሰሩ እጉብር ኣለኹ” ብምባል፡ ኣብ ጎድና ደው ኢሉ ክሕግዛ ተማጺኑቶ።

“ጥራይ ንሰኺ. ንኑብስኺ. ኣእምንያ እምበር፡ ጸገም ዝበሃል ነገር የለን” ኢሉ ምስ መለሰ፡ “ክትምርያ ትኽእል ኢኻ ዝበልዎስ ሓቂ ደዩ?” ዝበል ሕቶ ኣሰዓበት።

“ብዓጀባ እምበር”

“ብኸመይ ትምርያ ግን?”

“ከም'ቲ ኩሉ ሰብ ዝምርዖ ትምርያ”

“ተመርዒኻ፡ ሓዳርካ ወጺእካ ክትኑብር ይከኣል'ዩ?”

“እወ. . ግን እቲ ትምርዓዮ ወይ ትምርዓዋ ጓል-ሰብ፡ ከምኻ ተሰኪሚ ኤች. ኣይ. ቪ. ቫይረስ ክኸውን ኣለዎ” ድሕሪ ምባሉ፡ ንሳ ንገዛእ-ርእሳ ምስ ከምኣ ዝኣመሰለ ክትምርያ ሰፊሕ ዕድል ከምዘለዋ ኣብሪሁላ። ኣህምያ መሊሳ፡ ጥዑይ ቖልዓ ክትወልድ ከም ዝከኣልን ዘይከኣልን ሓተተቶ።

“ሎሚ ኣብ ሃገርና፡ ካብ'ዞም ከማና ተሰኪሞምቲ ዝኾኑ ሰባት፡ ብዘይምኽንያን 98% ጥዑያት ቈልዑ እዮም ዝውለዱ። እቶም 2% ብዘይፍላጥ ወይ ከኣ ከይፍለጣ ኸብሎ ተሓቢኦን ብዙሓርስኦም ኣይታት ዝስዕብ እዩ. . .” ክብል ሰፊሕ መብርሂ ምስ ሃባ፡ ገዚኣ ኣብጺሓ።

ገዛ ምስ ኣተወት ኣደኣን ንግስቲ ሓብታን ከመይ ከምዝምሰየት ሓቲተናኣ፡ ብፍሕሹው ገጽ ዝርዝር ኣቢላ ምስ ኣዕሊለተን ሕጉስ ኢለን። ኣደይ ኣብርሀት ገለ ከዓልዋ ናብ ክሽነ ምስ ኣተዋ፡ “ንተማስገንከ ከመይ ረኺብክዮ?” ክትብል ንግስቲ ሓተተታ።

“ጸቡቕ፡ ዕላሉ ፈትየዮ” ፈኪሳ ክምስታ ኣርኣየት ኣህምያ።

“ብሓቂ ፈቲኽዮ ኣህምያ ሓፍተይ?” ክምስ ኢላ ሓተተት ንግስቲ።

“እው፡ ፈትየዮ ጸወታኡ፡ ቁምነገሩ፡ ኩሉ ነገሩ ደስ እዩ ዝበለኒ። ከም'ዚ. ካብ ዝኾይ ከቢድ ጾር ዘራገፍኩ ኾይኑ ተሰሚዑኒ። ክገርመኪ. ንግስቲ ሓብተይ፡ ሲጋ ሰንጋል እየ ዝበልኩ. እቲ ኤች. ኣይ. ቪ. ቫይረሱ፡ ከም'ዚ. ካብ ደመይ ወጺኡ ዝጠፍአ ኾይኑ እዩ ዝስመዓኒ ዘሎ” ካብ ዘረባኣን ብሩህ ወጅሃን፡ ባህ ዝበሎ ምሸት ከምዝምሰየት፡ ንንግስቲ እውን ኣይተሰወራን።

ሰለሰ ናብ ሆስፒታል ሓዙላዝ ከይዳ መናውሒ. መድሃኒት (ARV) ከም እትጅምር፡ ንንግስቲ ሓብታ ነገረታ። ንግስቲ እውን ሕፍታ ኣብ ከምኡ ዝበለ ደረጃ ምብጽሓ ኣመና ኣሐጎሳ።

“ጸቡቕ ገይርኪ. ኣህምያ ሓፍተይ። ካብ ሕጂ ንደሓር ከም ቀደምኪ. ንብር ህይወትኪ. ክትመርሒ. ኢኺ. ማለት'ዩ” ኢላ ብዓይኒ ተሰፋ ጠመተታ።

“እኽለሎ ጥራይ እምበር፡ ከምኡ እዩ ሓሳበይ። እንታይ ደኣ . ሕጂስ ካብ ጭንቀትን ተሰፋ ኣልቦነትን እብ ከወጽእ”

“ሓቂኺ. ኣህሚያይ - እዝን ብምስጠር ኣብ ውሽጥኺ. ጥራይ ዓቢዒብኪ. ዝበርክየን ኣዋርሕ ኣይደገማ ጥራይ ክበሃል እንደዩ ዘለወ፡ በቃ - ሰሓቕናን ዕላልናን ተመሊሱ ኣሎ?

ካብ'ዚ. እዋን ንደሓር፡ ተማስገንን ኣህምያን ብቐጻሊ. እናተራኸቡ ምዕላል ተተሓሓዙዎ። ብሕልፊ ኣብ ቀዳመ-ሰንበት ተፈላልዮም'ውን ኣይፈልጡን። በዚ. መጠን እናተለማመዱ መጹ። ከም'ዚ. ኢሎም ንሓያሎ ኣዋርሕ ምስ ተጓዕዙ ድማ፡ ብቓል ኪዳን ተጣሚሮም ክነብሩ ተሰማምዑ።

ፍቕሪ ሰኒት፡ ሓድሕድ ምክብባር ምትሕግጋዝ ምርድዳእ፡ ኣቦላት ሓንቲ ስድራ-ቤት፡ ካብ'ቶም ንሓንቲ ስድራ-ቤት፡ ምልእቲ ዝገብሩዋ ረቋሒታት እዮም። ምስ ኤች. ኣይ. ቪ. ኤይድስ ብኣወንታ ንክትነብር፡ ተራ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ፡ ተራ ወለድን ቤተሰብን ከኣ ብፍላይ፡ ሓጋዚ. ጥራይ ዘይኮነ ወሳኒ'ውን እዩ።

ኣህምያ ድማ ሳላ'ቶም ጽኑዓም ዘጀንዕዋ ንግስቲ ሓብታ፡ ወለዳ ኣቶ ፍረዝጊን ወይዘሮ ኣብርሀትን ኣብ'ዚ. ሕጂ እዋን ንኹሉ ነገር ረሲዓ ካብ ሕሉፍ ጌጋኣ ተማሂራ፡ ምስ ተማስገን ቃልኪዳን ኣሲሮምን ሓዳር መስሪቶምን ሰለስተ ካብ ኤች. ኣይ. ቪ. ናጻ ዝኾኑ ቖልዑ ኣፍርዮም ብፍቕርን ሰኒትን ይነብሩ ኣለው።



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ቡያ |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:25 | ቴክ ኢንሳይት |
| 15:00 | ፓኖራማ |
| 15:35 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:10 | ፈዮሪና |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ዕርፌ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ተኸታታሊት ፊልም መስተኻኽር |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | መደብ ጥዑብ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | እትመት |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ

ኣብ መጋኸ ብፍ/በ/ማሰል ኣቶ ያቆብ ሃብተ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ኣድሓኖም ብርሃ ዘሎ ናይ ሲቪል ክርክር ጉዳይ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ኣድሓኖም ብርሃ ብኣድራሻኦም ክርከቡ ስለዘይተኻእለ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዖም ን27/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ቚ.40 ቀረቡ። እንተዘይቀሪቦሞም ጉዳይ ኣብዘለኹሞሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ዘማዝም ዓብደላ ዓሊ፡ በዓል ቤተይ ሚ/ጀ ሃይለ ሳሙኤል ስለዝተሰወኡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቐረብ።

ወ/ሮ ፍዮሪ በርሀ ጉብረሂወት፡ ተጸዋዒ ኣቶ ዓብደልቓድር ሳልሕ ንምዝበት ዝምልከት ኣብ ልዕሊኻ ማሰሪታ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን14/3/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣሰም ብርሃ ኣድጎይ፡ ኣደይ ሉተግነስ ተኽለ ዐቑባትንሳኤ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራሕ ወረሰት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ጸገ ሃይለ የሕደት፡ በዓል ቤተይ ግርማይ ዘርአ ጉብረትንሳኤ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ቤት ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ከሳሲት ጀሚላ ኢብራሂም ኣሕመድ፡ ተኸሳሲ መሓመድብርሃን ናስር ኢብራሂም ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን13/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ቤት ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ተኽለሃይማኖት ተስፋማርያም በራኺ ምባል ተሪፉ፡ ተኽለ ተስፋማርያም በራኺ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወ/ሮ ሸዊት በርሀ ካሕሳይ፡ ሓፍተይ ወ/ሮ ትብለጽ በርሀ ካሕሳይ ስለዝዋረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወረሰት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ሄርሞን ተስፋይ ሃብተ ምባል ተሪፉ፡ ኪዳነ ተስፋይ ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወ/ሮ ሉተገርግስ ዓ/ሚካኤል ተ/ሚካኤል፡ ኪዳን ጉብረሂወት ማሉ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ኣርን ተስፋልደት ምሕረትኣብ ምባል ተሪፉ፡ ኣዶናይ ተስፋልደት ምሕረትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ኣቶ ኣያኑ ኣብርሃ ጉብረመድህን፡ ኣደይ ቀደሽ ዐቅባዝጊ ጉብረመሴ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወረሰት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወ/ሮ ኣክራም መሓመድ ናስር ምባል ተሪፉ፡ ኣክራም ማሕሙድ ናስር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ወ/ሮ እያባ ወልዱ፡ ወደይ ተጋዳላይ ሃይለ ኩቱ ኣሮሮ ስለዝተሰወአ፡ ሞዝበት ምዃነይ 2 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ማሕሙድ ሰዒድ ማሕሙድ ምባል ተሪፉ፡ ማሕሙድ ሓምድ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ጉት ኣብርሃ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ጸሃየ ኣብርሃም ብርሃ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 8 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣምለሰት ኣስመላሽ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ጉዝኢ ተስፋሚካኤል ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን12/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ሉተኺዳን ሃይለሚካኤል፡ ኣረጋሽ ጉብረሂወት ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወረሰት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ብርሃ ኣንስኦም፡ ስም ት/ዕድመ ጓለይ ፍትሓዊት ኀጸ የማ ምባል ተሪፉ፡ ሚላት ኀጸ የማ ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ሃብተሚካኤል ተስፋኣለም ሃብተማርያም ምባል ተሪፉ፡ ሃብቶም ተስፋኣለም ሃብተማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሰናይት ዑቕባዝጊ ብርሃ፡ ተኸሳሲ ኣቶ በርሀ ተስፋይ ምሓር ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን12/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

ፅንዐት ክብሮም ተስፋጋብር ምባል ተሪፉ፡ ዩዲት ክብሮም ተስፋጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣዜብ ጸጋይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሰለሙን ምሕረትኣብ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን5/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

ንያት ካሕሳይ መሓሪ ምባል ተሪፉ፡ ሂወት ካሕሳይ መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ኣቶ ሳልሕ ዓሊ እድሪስ፡ ኣደይ ከድጃ ሰዒድ ሳልሕ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ትርሓስ ሓጎስ በርሀ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋኣለም መብራህቶም ሞጎዝጊ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን5/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት ፍርዲ ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ጊንዳዕ

መሓመድ ሰሌማን መሓመድ፡ ስም ወላዲተይ ሓዳስ ቬልትሪም ጀዋረ ምባል ተሪፉ ቪቶርያ ቬልትሪም ጀዋረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ባጽዕ

ሖመድ ዓብዱ መሓመድኑር ምባል ተሪፉ ሖመድ ዓብደልራሕማን መሓመድኑር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወ/ሮ ልኡል በርሀ ኪዳንማርያም፡ ኣደይ ወ/ሮ ማና ኣርኣያ ተወልደመድህን ስለ ዝዋረፈት ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ክፍሎም ጉር ሞገስ ምባል ተሪፉ ክፍሎም ጉብረእግዚኣብሄር ሞገስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወ/ሮ ጸገ ወልደጊዮርጊስ ሰኣሉ፡ ሓፍተይ ወ/ሮ እግዚሄርያ ወልደጊዮርጊስ ሰኣለ ስለ ዝዋረፈት ኣነ ወረሰት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወ/ሮ ኣፍራሕ መሓመድኣማን ኣሕመድ ምባል ተሪፉ ኣፍራሕ መሓመድ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ቤት ፍርዲ ኣቑርደት

ሰምሃር ማሕሙድ ኸር ምባል ተሪፉ፡ ሰሚራ ማሕሙድ ከር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ። ዓሻ መሓመድ ኖራይ ምባል ተሪፉ፡ ዓሻ መሓመኖራይ ዐሰማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገረንፌት

ሸዊት ብርሃ ብዓል ቤተይ ዑቕባስላሴ ኣስመሮም ስለ ዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ 1 ወድና ከኣ ወረሲ ምዃኑ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ክብርቲ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ኣልማዝ እምባዬ ዝተሰምዓና ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ጸጸራት ዘቃበርኩምናን ተመላሊስኩምን ካብ ውሽጥን ወጻኢን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

በዓል ቤታ ጸሃየ ደብሳይ
ምስ ደቀይን ምሉኣት ስድራ-ቤትን

## ንኻልኣይ ግዜ ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ንዓመት 2024 ንሓደ ዓመት (01/02/2024-31/12/2024) ናይ ኣሕምልትን ዝተቓመመ በርበረን ኣሻሪ ውዕል ክኣቱ ስለዝደለየ፣ ንዝዱኣት ተጫረትቲ ይዕድም።

**ሕጋውያን ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ረቛሒታት**

1. ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ዋና ትካል ከምኡ'ውን ናይ ዋና ቅዳሕ መንነት ወረቐት።
2.ተጫራታይ ትካል፡ ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎ ኮይኑ፡ ናይ 2023 ግብሪ ከምዝኸፈለ ክለራኣስ መበቆላዊ (orginal) ሰነዳትን ቅዳሕ የቕርብ፡ እቲ ቅዳሕ ምስ መበቆላዊ ሰነዳት ተመሳኺሩ መበቆላዊ ሰነድ ንተጫራታይ ይምለስ።
3.ተጫራታይ ትካል፡ ወኪል ወይ ሕጋዊ ኣካያዲ ትካል ምስ ዝኸውን ቅዳሕ (photo copy) ናይ ሕጋዊ ውክልና ስልጣንን መንነት ወረቐትን የቕርብ።
4.ተጫራታይ ትካል ዝ. ዝተጠቐሰ ስራሕ ንኸማልእ፡ ናይ ውልቁ መንዓዝያን ወጻኢታትን ብምሽፋን ናብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ባጽዕ ሰሙናዊ የቕርብ።
5.ተጫራትቲ ትካላት ናይ ጨረታ ወረቐቶም ብማሰረት ተዳልዩ ዘሎ ናይ ጨረታ ሰነድ መሊኦም፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ተኸታታሊ መዓልታት ኣብ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ኣስመራ ደምበ ሰምበል እንዳ ኮርያ ብኣካል ብምምጻእ ኣብ ግቡእ ዝተዳለወ ሳጹን ብፍይ ትካሎም ሕጋዊ ማሕተም ኣሰኒዮም የቕርቡ።
6. ጨረታ፡ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ መበል 8 መዓልቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ኣስመራ ደምበ ሰምበል ሰዓት 11:00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ቅድሚ ተጫረትቲ ይኽፈት። ዝኾነ ለውጢ ናይ ግዜ ምስ ዝህሉ ንተጫረትቲ ብቴሌፎን ክሕበር ምዃኑ ንሕብር።
7. ተወሳኺ መብርሂን ዝርዝራዊ ሓበሬታን ምስ ዝድሊ፡ ቅድሚ ምኽፋት ጨረታ ኣብ ዘሎ ግዜ በዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ምውካስ ይከኣል።
8. ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ካልእ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።
9. ሰነድ ጨረታ፡ ኣብ ኣስመራ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ደምበ ሰምበል ብሎክ "A" 4ይ ደርቢ ከምኡ'ውን ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ባጽዕ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ክትወስዱ ትኽእሉ።
10. ቀረብ ዝቐርበሉ ቦታ፡ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ባጽዕ እዩ።
11. ንመኽበሪ ጨረታ 20,000.00 (ዕስራ ሽሕ ናቕፋ) c.p.o የትሕዙ።
12. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
13. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ተጫረትቲ ክፉት እዩ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብቑጽሪ ስልኪ 540053-07180324፡ ክትውከሱ ትኽእሉ።
ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ጨንፈር ምም/ፋይናንስን
ቁጎደና ሕዳይ 178-1
ደንበ ሰምበል ብሎክ "A" 4ደርቢ

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ማልያታቶም ዓቂቦም

**ናትናኤል ዘሚካኤል**
**ካብ ሩዋንዳ**

ራብዓይ መድረኽ ዙር ርዋንዳ፡ ትማሊ ብናይ 93 ኪሎሜተር መድረኽ ኣብ ዝቐጸለሉ - ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ንሓሙሽተ ማልያታት ናይ'ቲ ዙር ኣብ ረብሓኦም ኣውዒሎም።

ኣብ'ዚ ካብ ካሮንጊ ተበጊሱ ኣብ ሩባቩ ዝወደኣን 93 ኪሎሜተር ርሕቀት ዝሸፍን ዝበረን ውድድር፡ ኣባላት ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ መርሃዊ ቅዱሰን ኣኽሊሉ ኣረፋይንን ኣብ መወዳእታ ኣብ ዝተጌበረ ቅልጡፍ ቅጽበታዊ ውድድር፡ ብተኸታታሊ 8ይን 10ይን ደረጃ ብምሓዝ ውድድሮም ፈጺሞም።

እዞም ተቐዳደምቲ፡ ካብቲ ዕወት ናይዚ መድረኽ ዝኾነ ቤልጅማዊ ለሰርፍ ዊሊያም፡ ዝኾነ ግዜ ከይከሰሩ እዮም ምስ ቀዳሞት ዓሰርተ ኮይኖም ውድድሮም ፈጺሞም። ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ያፌት ምሉጌታ 30 ካልኢት ድሒሩ ማብል 23 ተርታ ክሕዝ ከሎ፡ ናይ ባይክ ኤይድ ዳዊት የማነን ናይ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ መትከል እዮብን ከኣ ብተመሳሳሊ ናይ ግዜ ፍልልይ፡ ማብል 27ን 28ን ደረጃ ሒዞም ውድድሮም ዛዚሞም ኣለዉ።

ተቐዳደምቲ፡ ካብቲ ዘሓደርሉ ናይ መዛዘሚ 3ይ መድረኽ ሩሲዚ ናብ ማጠስ ካሮንጊ ሰለስተ ሰዓት - ማለት 109 ኪሎሜተር ክጓዓዙ'ዮም ተገዲዶም። እቲ ብዝተፈላለየ ተሸከርከርቲ ዝተጌበረ ጉዕዞ፡ ተቐዳደምቲ ብራሕቂ ናይዚ ጉዕዞ ከማርሩ ተሰሚዖም እዮም። ኣብ 2019 ዕወት ናይዚ ዙር ዝበረ ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ መርሃዊ ቅዱሱ፡ ቅድሚ'ቲ ውድድር ከምዚ ዓይነት ጌጋ ንኸይድገም መልእኽቱ ኣመሓላሊፉ ነይሩ፡ ፡ በዚ ኮይኑ በቲ ግን፡ ከም ማጠስ ቦታ ናይ 4ይ መድረኽ ዝተመርጸት ሩባቩ - ኩነታት ኣየራ ጸቡቕ ብምንባሩ ተቐዳደምቲ ሓይሎም ተሓዲሶ እዮም ውድድሮም ጀሚሮም።

ኣብ'ዚ ውድድር ለውጥታት ከም ዝመጽእ ዝፈለጡ ተቐዳደምቲ፡ 1.7 km ከም ዝገበሩ ዝሕብር ኣንፈት ካብ ዝወሃቦም ኣትሒዞም እዮም ክሕንበቡ ተራእዮም። ኣብ 3ይ መድረኽ መውደቕቲ ዘጋጠሞ ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ናህም ዘርኣይ፡ ዋላ'ኳ ንግዜኡ እንተ ሃደመ ኣይጸንሐን - ኣብ 4 ኪሎሜተር ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ዓባይ ጉጅለ ኣትዩ፡ ቀጺሉ'ውን ኣብዚ ውድድር ንፃይ ግዜኡ ዝሳተፍ ዘሎ ኣልጀርያዊ ግዙዲን ላዕቻብ ክሃድም ፈቲኑ ነይሩ - ግና ብቐለሉ ከምልጥ ኣይከኣለን።

ኣባል ክሉብ ባይክ ኤይድ የኣል ሃብተኣብ፡ ራብዓይ ርእሱ ብምህዳም ኒታ ኣብ 3ይቲ መድረኽ ዝወሰና ማልያ ንምዕቃብ ዝተበገሰ










ጸወታ ብኸምዚ ኣብ ዝቐጸለሉ፡ 38 ዕድመ በጺሑ ዝርከበን 10 ግዜ ኣብ ቱር ዲ ፍራንስ ብምስታፍ 4 ግዜ ዝተኣኣወተን፡ ኣባል ክሉብ እስራኤል ፕሪሚርቴክ እንግሊዛዊ ክሪስ ፍሩም፡ ዕድል ገይሩ ክፍለ ከኣሉ፡ ናይ 10 ካልኢት ፍልልይ ካብ ዓባይ ጉጅለ ዝበሮ ክሪስ ፍሩም፡ ኣብ 14 ኪሎሜተር ከምቶም ዝቐደሙ ግዳይ'ዩ ኮይኑ።

ኣብ ማብል 13 ኪሎሜተር ዝበረት ናይ ሽኣ ውድድር፡ 1ይ እንግሊዛዊ ክሪስ ፍሩም፡ 2ይ ባዲንክ፡ 3ይ የኣል ሃብተኣብ ኮይኖም'ዮም ተዓዊቶሙላ። ኣብ ማብል 18 ኪሎሜተር ብቐድሚ ትማሊ ብሉጽ ብቐዓት ዘንጸባረቐ መሰሉ ቀረበ፡ የኣል፡ ኒታ ኣብ ማብል 20 ኪሎሜተር ዝበረት ቅጽበታዊት ውድድር፡ ንቲዮግለስን ድሒሩ ንዘተጸንበርም ሳይሞንን ኣኸቲሉ 1ይ ኮይኑ ተዓዊቱ። ኣብ ማብል 30.6 ኪሎሜተር ኣብ ዝበረ ናይ ዓቐብ ቅጽበታዊ ውድድር ላቱርን ቲዮግላስን እኳ እንተተዓወቱላ፣ የኤል'ውን ሳልሳይ ደረጃ ብምሓዝ ነጥቢ ካብ ምውሳድ ኣይተዓንቀጸን።

ትተሓላለ ዝበረት ዓባይ ጉጅለ ፍልልያ ንምጽባብ ፍጥነት ወሲኻ፡ እቶም ከም እትቐርቦም ዘላ ዘስተውዓሉ ኣብ ቅድሚት ዝበሩ ተቐዳደምቲ ከኣ፡ ኣብ ማብል 44 ኪሎሜተር ንዝበረት ሳልሰይቲ ናይ ዓቐብ ቅጽበታዊ ውድድር ንምኪያድ ተጓየዩ። ላቱር ቀዳማይ ማስመር ክረግጽ ከሎ፡ የኤል ድሕሪ ቲዮግላስ ሳልሳይ ተርታ ሒዙ።

ዝተረፈ ኪሎሜተራት ቁልቁለት ዘዕብለሎ ብምንባሩ፡ ዓባይ ጉጅለ ነቲ ሓላፊ ሰኮዮታት ዝፈታትን ዝበረ ተቐዳዳማይ ሮላንድ ትንዱስ ኣይሃቡዮን። ተቐዳደምቲ፡ በኣዝዩ ጥዑም ንፋስ ናይ ቀላያት ሩባቩ ሩዋንዳ ተሰንዮም እዮም ቅጽበታዊ ውድድር ኣካይዶም።

ኣብ ቅድሚት ዝወዓለ ዊልያፍ ለሰርፍ ናይ ክሉብ ሶዳል ኩክ ስቴፕ፡ ንውድድሩ ብ2 ሰዓትን 19' 22 ደቒቕ ምዝዛሙ እዩ - ምስ ቀዳመይቲ ጉጅለ ዝበሩ ኣባላት ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ መርሃዊ ቅዱሰን ኣኽሊሉ ኣረፋይንን፡ ምስ ቀዳሞት 10 ብሉጻት ተቐዳደምቲ ኮይኖም ውድድሮም ፈጺሞም።

በዚ ናይ ትማሊ መድረኽ፡ ብዮሚ ማልያ ንምውሳድ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ውድድር፡ ኣብ ቀዳሞት ሽዱሽተ ተቐዳደምቲ ዝመጽኣ ለውጢ የለን። ፈረንሳዊ ሬንደራክ ብ9 ሰዓት 23 ደቒቕን 34 ካልኢትን ቀዳማይ ደረጃ ብምሓዝ ክመርሕ ከሎ፡ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ኣኽሊሉ ኣረፋይነ ከኣ ብተመሳሳሊ ሰዓት ሻዱሻይ ተርታ ተቐሚጡ ኣሎ።

ኣብ ማልያ ብሉጽ መንእሰይ - ተቐዳዳማይ ኣኽሊሉ ብ9 ሰዓት፡ 23 ደቒቕን 34 ካልኢትን ኣብ ቅድሚት ክሰርዕ ከሎ፡ ያፌት ምሉጌታ 46 ካልኢት ብምድሓር ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ኮይኑ ይስዕቦ ኣሎ። ኣኽሊሉ ብዘይካዚ፡ ማልያታት ብሉጽ ኣፍሪቃዊ ተቐዳዳማይን ብሉጽ ኣፍሪቃዊ መንእሰይን ክዕቅበን ክኢሉ ኣሎ።

ከም ናይ ዙሓለፈ መድረኽ ሃዲሙ ብምውዓል ንጸወታ መቐረት ዝወሰኸሉ ኣባል ባይክ ኤይድ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ የኣል ሃብተኣብ፡ ብ52 ነጥቢ ብሉጽ ኣንበሳ ዓቐብ ብምኻን ይመርሕ ኣሎ። ኣብዛ ማልያ ቤልጅማዊ ተቐዳዳማይ ቢንገል ሲዩርት ቲዮግለስ - 35 ነጥቢ ኣዋህሊሉ እግሪ እግሩ ይስዕቦ።

ንብሉጽ ናይ ሽኣ ተቐዳዳማይ እትወሃብ ማልያ'ውን፡ የኣል ሃብተኣብ ትማሊ 18 ነጥቢ ብምውሳኽ ክውንና በቒዑ ኣሎ። ኣብዚ ምድብ ርዋንዳዊ ዱደየር መንያዝዛ እዩ ብ14 ነጥቢ ዝስዕቦ ዘሎ።

ኣብዚ ናይ ትማሊ መድረኽ፡ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ግዜ ብምኽሳብ፡ ኒታ ኣብ ቅድሚት ዝጸንሐት ንሃገራዊት ጋንታ - ብ 2 ደቒቕን 26 ካልኢትን በሊጻ መሪሕነታ ክትዕቅብ ከላ፡ ብደረጃ ሃገራውያን ጋንታታትን ክለባትን ኣብ ዝግበር ዘሎ ውድድር፡ ካብ ሻዱሻይ ናብ ራብዓይ ተርታ ሓኺራ ኣላ።

ዙር ርዋንዳ ሎሚ ብናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር'ዩ ቀጺሉ ክውዕል። ተቐዳደምቲ ኣብዚ ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር 13 ኪሎሜተር እዮም ክሸፍኑ።

## ልኡኽ ፊፋ ኣብ ኤርትራ ዑደት ኣካይዱ

ሰለስተ ኣባላት ዝሓዘ ልኡኽ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ዓለም - ፊፋ፡ ኣብ ኤርትራ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ንምፍጻም፡ ብሰንበት ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ኣስመራ ከም ዝኣተወ፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣፍሊጡ። እቲ ልኡኽ ኣህጉራዊ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ኣብ ዝኣተወሉ፡ ፕረዚደንት ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ዝርከቦም ኣባላት ፈጻሚት ኣካል ናይቲ ፌደረሽን ደሙቕ ኣቀባብላ ከም ዝገበሩሉ፡ እቲ ሓበሬታ ኣወሲኹ የረድእ።

እዚ ብዳይረክተር መደባት ምዕባለ ፊፋ ኣብ ኣፍሪቃ - ዝምብበወያዊ ሚስተር ሰሎሞን ሞዲጋ፡ ዳይረክተር ምምዕባል መደባት ፊፋ ኣብ ሰሜናን ምብራቓን ኣፍሪቃ - ሩዋንዳዊ ዴቪስ ንድያሲንጋ ከምኡ'ውን ኣባል ማሕበር ዞባዊ ቤት ጽሕፈት ፊፋ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ (ሴካፋ) ኢትዮጵያዊት ኣብጋይል ሃይለሚካኤል ዝተመርሐ ልኡኽ፡ ካብ 19-20 ለካቲት ጸዑቕ ናይ ክልተ መዓልታት ርክባት ኣካይዱ።

ኣብ ፋልማይ መዓልቲ ርክቡ፡ ምስ ኣባላት ፈጻሚት ኮሚቲ ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ እዩ ነይሩ።

ኣብቲ ርክብ ዝተፈላለዩ ኣርእስትታት ብምልዓል ሰፊሕ መብርሂ ተዋሂብዎም፡ ምምዕባል ትሕተ ቅርጺ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ብቐዳምነት ክስራሕን ኣርቲፍሻል መጻወቲ ሜዳ ኩዕሶ እግሪ ኣብ ኣርባዕተ ዞባታት፡ ማለት ኣብ ከተማታት ባረንቱ፡ ባጽዕ፡ ዓሰብን መንደፈራን ክገጸፍ፡ ምምዕባል መጻወቲ ኩዕሶ እግሪ ስታድዩም ኣስመራ፡ ንኣፈጻጽማ ናይ ኣርባዕተ ዓመት ስትራተጂካዊ ንጥፈታት (2023-2026) ዝምልከት ምምዕባል መደባት ተኣእቲ ህጻናት ፡ ምምዕባል መደባት ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለየ ምምሕዳራውን ፋይናንሳውን ዛዕባታት ኣተኩሩ ዓሚቕ ዘተ ኣካይዱ።

ብፍላይ ኣብ መጻኢ መደባት ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ተኣእቲ ህጻናት፡ ብሰፊሑ ክበዝየሉ እኽሎ፡ ብወገን ተሳታፍቲ ደቂ-ኣንስትዮ ደማ ዝበረ ብልጫን ድኽመታትን ከም መወከሲ ነጥቢ ተራእዩ፡ ኣብ መጻኢ ሕጽረት ብምክያድን ንቕሓት ብምብራኽን ብዙሕነት ደቂ-ኣንስትዮ ክረጋገጽ፡ ኣብ ኩሉ ዞባታት ደማ ብማዕረ ተሳታፍነት ክሰርሓሉ ኣብ ዝብል ዛዕባታት ዘተ ተኻይዱ። ልኡኽ ፊፋ ዚ ብሸኣላዊ መግለጺ ዝተሰነየ ሰፊሕ ዝርዝራዊ መግለጺ ብምግንዛብ፡ ኣብ ዕቤት ደቂ-ኣንስትዮ ንምውሳእ ቅርብነቱ ድልው ምዃኑ ገሊጹ።

ብወገን ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ - ፕረዚደንት ናይቲ ፌደረሽን ኣቶ ጳውሎስ ወልደሃይማኖት፡ ከም መደብ ተታሒዞም ክካየዱ ዝጸንሑን ዘለውን መደባትን ውጥናትን ዝምልከት መብርሂ ከቕርብ እንከሎ፡ ዳይረክተርን ቴክኒክን ክፍሊ ጉዳያት ደቂ-ኣንስትዮ ደማ ዕሙቕ ዝበለ ዝርዝራዊ መግለጺ ኣቕሪቦም።

ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ - ልኡኽ ፊፋ ናብ ስታድዮም ኣስመራ እዩ ኣምሪሑ፡ ምስ ኣተየድትን ኣመሓደርትን 10 ክለባት ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ሊላ ድሕሪ ምኽያድ ደማ፣ ምምዕባል ክለባትን ምትግባር ቅጥዕታት ክሉብ ላይሰንስን ካልእን ኣብ ዝብሉ ዛዕባታት ኣልዒሉ ብሰፊሑ ተዘራሪቡ። ብዘይካዚ ኣብቲ ዕለት፡ ንመደብ ምልላይ ተውህቦ ኩዕሶ እግሪ ትሕቲ 15 ዓመት ኣብ ምስልጣን ዝርከቡ ህጻናት ተዛዊሮም ተዓዚበሞም። ንተበግሶን ኣብርክቶን ወድብቲ ኣካላት ብምድናቕ ደማ፡ ጸቡቕ ዕድል ተመንዮም። ልኡኽ ፊፋ ኣብ ዝጸንሐ ዑደቱ ምስ ኣባላት ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ሓጺር ሊላ ብምክያድ፡ ሓፈሻዊ ልምምዳት እታ ጋንታ ተዓዚቡ።

ልኡኽ ፊፋ ምስ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ፡ ሓለፌ ምክትታል ሃገራውያን ፌደረሽናትን ሃገራዊ ኦሎምፒክን ፓራ ኦሎምፒክን ኮሚቴ ሰሎሙን ሰዩም ኣብ ዝተራኸበሉ ከኣ፡ ንምንጻፍ መጻወቲ ኩዕሶ እግሪ (ሜዳታት) ብዝምልከት ክዘራረቡ እንከለዉ ዝሓሸ ምርድዳእ ከም እተገብረን ተግባራውነቱ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ክፍጸምን ተረዳዲኦም።

ብዘይካዚ ልኡኽ ፊፋ፡ ናብ ዞባ ደቡብ ከተማ መንደፈራ እውን ኣቕኒዑ ነይሩ፡ ነቲ ሃገራዊ ፌደረሽን ከም መደብ ዓቒቡ ሒዝዎ ዝርከብ ምስልጣን ተኣእቲ ህጻናት ትሕቲ 15 ዓመትን ኩነታት መጻወቲ ኩዕሶ እግሪን ከኣ ተዓዚቡ።

ሓፈሻዊ ስእሊ ናይቲ መደብ ብኣተየድትን ኣለይትን ዝርዝራዊ መብርሂ ክቐርበሎም እንከሎ፡ ንሓፈሻዊ ስፍሓት እቲ መጻወቲ ሜዳ ደማ ኣደኒቖም፡ ብዘይካዚ ናብ መረብ ስቲት ስፖርት ማሰልጠኒ ማእከል ብምኻድ፡ ሓፈሻዊ ዝከሳሰል ዘሎ ምፍራይ ተኣእቲ ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ተዛዊሮም ተዓዚቦም።

ልኡኽ ፊፋ ናይ ክልተ መዓልታት ጸዑቕ ዝኾነ ርክባት ብምክያድ፡ ኣብ መጻኢ ንሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ምስ ኣባላት ፈጻሚት ኮሚቴን ጸቡቕ ናይ ስራሕ ግዜ ብምምናይ፡ ኤርትራ ብኩዕሶ እግሪ ሓንቲ ካብ ተወዳደርቲ ሃገራት ኣፍሪቃን ዓለምን ክትከውን ሰናይ ምንዮቱ ገሊጹ፡ ኣብ ምዝዛም ናይዚ ምብጻሕ፡ ብስም ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራን ፈጻሚት ኮሚቴን - ዝተፈላለየ ባህላዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ህያባት ከም ዝተበርከተሎም፡ ህዝባዊ ርክባት ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ሓቢሩ።



# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ካዛኽስታን - ብላሕኩ ሚተይን ሓንቲ ኩባንያ 774 ሽሕ ዶላር ተቐጺዓ

ኣብ ካዛኽስታን፡ ካብ ሓንቲ ናይ ዳህሳስ ኩባንያ ተቓጺሉ ጋዝ ሚተይን ብምልሓኹ፡ እታ ትካል 774 ሽሕ ዶላር ከምእተቐጽዐት ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን።

እቲ ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ካዛኽስታን ዝተኸስተ ላሕኩ ጋዝ ኣብ ታሪኽ እቲ ዝኸፍአ ከምዝነበረ እዩ ዝጥቀስ ዘሎ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ካብ'ዚ ዝተጠቕሰ ትካል ብኣሸሓት ዝቑጸር ቶናት ሚተይን ካብ ሓደ ዒቢ ጉንኢ ክፈስስ ዘርኢ ተንቀሳቓሲ ስእሊ ተዘርጊሑ እኳ እንተነበረ፡ እቲ ትካል ኑቲ ክስተት ኣሉ ከምዝበለ እዩም ጸብጻባት ጠቒሶም።

እዚ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ሰነ ከምዝጀመረ ዝሕበር ዘሎ ላሕኩ ሚተይን ክሳብ ዝሓለፈ ወርሒ ክቕጽል ምጽንሑ - እዩም ጸብጻባት ኣመልኪቶም።

እቲ ላሕኩ ብዓይንኻ ብቐሊሉ ክረአ ከምዘይክእል ዝገለጹ ክኢላታት፡ ዝተፈላለየ ሳተላይት ግን ኣጉሊሐን ከምዘርኢያኦ ይሕብሩ።


እተን ሳተላይታት እምብኣር፡ ካብ'ቲ ናይ ዳህሳስ ጉንኢ ክሳብ 127 ሽሕ ቶን ሚተይን ከምዝለሓኾ ኣሕፂረን።

እዚ፡ ምስ ምትኻኽ በቲልቲ ጋዞት ኣብ ጠፈር ክጸጸር እንከሎ፡ ካብ 717 ሽሕ መካይን ምስ ዝወጽእ ትኪ ማዕረ ምኻኑ ተመልኪቱ ኣሎ።

ሚተይን ሓደ ካብ'ቶም ናብ ጠፈር ዝበጽሑ ጋዞት ሓምላይ ገዛ (ግሪን ሃውስ ጋዝ) ኮይኑ፡ ብሓደኛነቱ ልዕሊ ካርቦንዳይኦክሳይድ ከምዝሰርዕ ክኢላታት ናይ'ቲ ዓውዲ ይገልጹ።

እቲ ካብ ጉድለት ምቁጽጻር ከምእተኸስተ ዝግለጽ ዘሎ ላሕኩ፡ ኣብ ኣከባቢ ከቢድ ዕንወት ከምዘውረደ እዩ ዝሕበር።

ዛጊት ኣብ'ቲ ከባቢ ኣውሪድዎ ዘሎ ሳዕቤን ብቐሊሉ ዝረአ ከምዘይኮነ ዝጠቐሱ ሰቡመዚ እቲ ከባቢ፡ ወሃንቲ እቲ ትካል - ብቕልጡፍ ናይ ምትዕርራይ መደብ ክሕንጽጹ ሓቲቶም ኣለው።



ካዛኽስታን ኣብ መበል 28 ዋዕላ ኣከባቢ ሕቡራት ሃገራት ዝተሳተፉ ሃገራት ኮይና፡ ኣብ 2030 መጠን ናብ ጠፈር ዝጠንን ሚተይን - ብ30 ሚእታዊት ክጉድላ ሓዲሽ ስምምዕ ናይ ዝኸተማ 150 ሃገራት እውን ኣባል እያ።

## ዓለማዊ ፕሮግራም መግቢ፡ ንጥፈታቱ ኣብ ሰሜን ቓዛ ደው ኣቢሉ

ዓለማዊ ፕሮግራም መግቢ፡ ናብ ሰሜን ቓዛ ከካይዶ ዝጸንሐ ንጥፈታት ብምልኡ - ብሰንኪ ጸጥታዊ ቅልውላው ደው ከምዝበሎ ኣፍሊጡ።

ዓለማዊ ፕሮግራም መግቢ፡ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ቓዛ ተኸሲቱ ዘሎ ከቢድ ሕንፍሽፍሽን ግጭትን፡ ሰራሕተኛታቱ ኩሉ ንጥፈታቶም ብኣሉታ ከምእተጸልወን ዒቢ ብደሆ ከምዝኾነኦምን ብምሕባር እዩ ስርሑ ደው ኣቢሉ ዘሎ።



በዚ ኸኣ፡ እቶም ኣብ'ቲ ከባቢ ዝነብሩ ካብ'ቲ ትካል ተጸቢዩቲ ዝጸንሐ ህዝቢ፡ ኣብ ሕሱም ጥምየት ክወድቁ ከምዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ምንጪታት የገንዝቡ።

እቲ ትካል ቅድሚ ሰለስተ ሳምንቲ፡ ሓንቲ ካብ'ተን ረድኤት ዘጻዕና መካይኑ - ብመጥቃዕቲ እስራኤል ድሕሪ ምህራማ፡ ናብ ሰሜን ቓዛ ዝዋሃብ ዝነበረ ምብጻሕ መግቢ ደው ከቢሉ ምግዳዱ ይሕብር።

እንተኾነ እቲ ምቁራጽ፡ ኣብ ነብርቲ'ቲ ከባቢ ከቢድ ኣሉታዊ ጽልዋ ድሕሪ ምስዓቡ - እቲ ትካል ዳግማይ ክጥጠፍ እዩ ተሪኢዩ። እዚ ሕጂ ተኸሲቱ ዘሎ ጸጥታዊ ቅልውላው ግን ንስራሕ ኣጥሊቱ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ከምዝኾነ ኣፍሊጡ።

ዓለምለኻዊ ፕሮግራም መግቢ፡ ነብርቲ ሰሜናዊ ቓዛ ኣብዘን ዝሓለፋ ክልተ መዓልታት፡ ተራእዩ ኣብ ዘይፈልጥ ዓቐሊ-ጽበት ከምእተሸሙ ብምሕባር፡ ንጥፈታቱ ብዝተኻእለ መጠን ንምጅማር ከምዝሰርሕ ሓቢሩ ኣሎ።

እዚ ከም'ዚ ኣሉ እንከሎ፡ ሕቡራት ሃገራት እውን - ናብ ሰሜናዊ ቓዛ ዝሰደን ዝነበረ - ረድኤት ዘጻዕና 140 መካይን፡ ናብ 60 ከምዝወረደን ሓቢሩ ኣሎ።

## ህንዲ - ሓረስቶት ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ዝኾነ ሰላማዊ ሰልፊ የካይዱ

መንግስቲ ኣብ 2021 ዝኣተወሉ መብጽዓ ብዘይምትግባሩ ከማርሩ ዝጸንሑ ሓረስቶት ህንዲ፡ ትማሊ ረቡዕ ዳግማይ ዝጀመርዎ ሰላማዊ ሰልፊ - ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ኩይኑ ምህላዉ፡ ካብ'ታ ሃገር ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ።

እቶም ካብ መላእ ሃገር ዝውሓዙ ሓረስቶት፡ ካብ ከተማ ደልሂ 200 ኪ.ሜ ርሒቖም ክእከቡ ጀሚሮም ምህላዎም ዝጠቐሱ ሰቡመዚ ጸጥታ እታ ሃገር፡ ደሮ ኣእማንን ዱላታትን ዓጢቖም ኣብ'ቲ ከባቢ ብዝፈጠርዎ ዕግርግር፡ ፖሊስ ዘንብዕ ጋዝ ክጥቀሙ ከምእተገደዱ ተገሊጹ።

እቶም ዓበይቲ ናይ ሕርሻ መካይንን ትራክተራትን መራሒም፡ ብሰላማዊ ሰልፊ ናብ ከተማ ደልሂ ጉዕዞኦም ጀሚሮም ዘለዉ ሓረስቶት፡ ካብ'ቲ ዘንብዕ ጋዝ ንምድሓን መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ወድዮም ሰላማዊ ሰልፎም ይቕጽሉ ከምዝለዉ ተፈሊጡ።

ሚኒስተር ሕርሻ እታ ሃገር፡ እቶም ሓረስቶት ኩሉ ድልየታቶም ብሰላማዊ መንገዲ ክሓትቱ እኳ እንተ ጸውዑ፡ ዛጊት ካብ'ቶም ሓረስቶት ምላሽ ከምዘይረኸበ እዩ ተሓቢሩ።

ሓረስቶት ህንዲ፡ መንግስቲ ኣብ 2021 - ዋጋ ኣእካል ክወስኽ ምኻኑ፡ ከምኡ'ውን በቲ መንግስቲ ዝዋበር ድጎማ ከምዘዋቢ እኳ መብጽዓ ኣትዩ እንተነበረ፡ ኣብ ባይታ ዝተራእየ ግብሪ ከምዘየለ እዮም ዝኸስሱ።

መንግስቲ ህንዲ፡ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ምስ ሳዕለምት ወከልቲ ማሕበር ሕርሻ ኮፍ ኢሉ ክዘራረብ ድልው ከምዝኾነ ገሊጹ ኣሎ።

እቶም ልዕሊ 10 ሽሕ ዝበጽሑ ሓረስቶት፡ ኣብ'ቲ ቀንዲ ናብ ሰሜን ከተማ ደልሂ ዘእቱ ዓበይቲ ጽርግያታት፡ ምስ ኣስታት 1200 ትራክተራቶም ከምዘለዉ ፖሊስ እቲ ከባቢ ኣፍሊጡ።

ኣብ 2020 እውን ሓረስቶት ህንዲ - ኣብ ከተማ ኒው-ደልሂ ተመሳሳሊ ሰላማዊ ሰልፊ ኣካይዶም ምንባሮ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ብሰንኪ'ቲ ሰላማዊ ሰልፊ ብዘስዓበ ናዕቢ፡ ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ ሰባት ከምዝሞቱ ይገልጹ።





## ኣብ ደቡባዊ ኣፍሪቃ፡ ሕማም ሸርኽ ኣብ ኣሰካፊ ደረጃ በጺሑ

ኣብ ከም ማላዊ፡ ዘምብበው፡ ዛምብያ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ሞዛምቢክ፡ታንዛንያን ደሪኮንጎን ዝኣመሰሉ ዝተፈላለያ ሃገራት ደቡባዊ ኣፍሪቃ፡ ተላባዒ ሕማም ሸርኽ ብዘዓጸፈ ቁጽሪ ይውሰኽ ከምዘሎ ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን።

ኣብዘን ሃገራት ተኸሲቱ ብዘሎ እዚ ተላባዒ ሕማም፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ይሞቱ ከምዘለዉ እውን ተሓቢሩ።

ካብ ጥሪ 2022 ክሳብ ጥሪ 2024 ኣብ ዝነበረ እዋን ጥራይ፡ ኣብዘን ዝተጠቕሳ 7 ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ልዕሊ 188 ሽሕ መልክፍቲ ሕማም ሸርኽ ከምእተመዝገበ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

እዚ ብጉድለት ጽሬት፡ ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ ዓይኒ ምድሪ፡ጽሬቱ ዘይተሓለወ መግቢ ካብ ምምጋብ - ዝኽሰት ሕማም ሸርኽ፡ ኣብዘን ሃገራት ዛጊት ልዕሊ 4100 ሰባት ቀቲሉ ከምዘሎ እዮም ጸብጻባት ወሲኾም የረድኡ።

እታ ቀዳመይቲ በቲ ሕማም ዝያዳ ከምእተጠቕዐት እትግለጽ ዛምብያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሓሙስ 186 ሽሕ ዜጋታታ በቲ ሕማም ተለኺፎም ከምዘለዉ እያ ሓዲሽ ጸብጻብ ኣውጺኣ።

ብሓፈሻኡ ብሰንኪ'ቲ ተላባዒ ሕማም፡ ኣብታ ሃገር ልዕሊ 4 ሚልዮን ተማሃሮ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ከምእተሰናኸሉ ተፈሊጡ።

ሕማም ሸርኽ ብዘዘብለ መግቢን ማይን ዝስዕብ ተላባዒ ሕማም ኮይኑ፡ ቅልጡፍ ሕክምና ምስ ዘይግበረሉ - ኣብ ውሽጢ ሰዓታት ዝቕትል ሓደገኛ ሕማም እዩ።

## ደቡብ ኮርያ - ኣስታት 8 ሽሕ ሓካይም ስራሕ ደው ኣቢሎም

ኣብ ደቡብ ኮርያ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሓካይም - ተቓውሞኦም ንመንግስቲ ንምግላጽ ስራሕ ኣቋሪጾም ብምኻዶም፡ ንጥፈታት ናይ ሓያሎ ትካላት ሕክምና ከምእተሰናኸለ ተሓቢሩ።

መንግስቲ ደቡብ ኮርያ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ሕክምና ኣብ 2025 ናብ 5 ሽሕ፡ ኣብ 2035 ድማ ናብ 10 ሽሕ ክብ ከምዝብልን፡ ብዙሓት ኣብ ዓውዲ ሕክምና ዝጥፉ መንእሰያት ከምዝምህርን ድሕሪ ምሕባሩ እዩም - እቶም ሓካይም ተቓውሞታቶም ክገልጹ ተራእዮም።

እቶም ሓካይም፡ መንግስቲ - ኣብ ሕክምና ዝጥፉ ተማሃሮ ቅድሚ ምውሳኹ፡ ናይቶም ኣብ ስራሕ ዘለዉ ደሞዝ ክወስኽን፡ መሳርሒ እቶም ሓካይም ከመሓይሽን እዮም ዝጽውዑ ዘለዉ።

ብሰንኪ'ቲ ዝቐጸለ ዘሎ ተቓውሞ እምብኣር፡ ብሕልፊ ክፍሊ ቀዳማይ ረድኤት ናይ ዝተፈላለየ ሆስፒታላት፡ ብሕሙማት ኣዕለቕሊቑ ከምዝሎ ተፈሊጡ።

ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ሰሙን ዝጀመረ ተቓውሞታት፡ 7813 ሰቡሞያ ሕክምና ስራሖም ደው ከምዝበሉ ተገሊጹ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓሱብ | 22/02/2024 | ጎደና ኣፍዓበት ቁ.105፡ ከባቢ 2ይ መደበር ፖሊስ (ካርሺሊ) | 123105 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565